ITYOPIS
Northeast African Journal of Social Sciences and Humanities

ISSN: PRINT 2223-7178 ONLINE: 3105-4048

# ምስላታት እንስሳት ኣብ ቋንቋ ትግርኛ፦ ገለፃዊ መፅናዕቲ

Article

Abate Kassahun Teferra*[1]

## ማራ

እዚ መፅናዕቲ ኣብ ቋንቋ ትግርኛ ዝርከቡ ምስላታት እንስሳት፣ መጠን፣ ትሕዝቶን ባህርታትን ንምንፃርን ንምግላፅን ተኻይዱ። መረዳእታ እቲ ባእታ ቋንቋ፣ ብዕሉም ስልቲ ካብ ዝተሓረዩ መፃሕፍቲ፣ መፅናዕትታትን ኣብ ማሕበራዊ ማዕከን ካብ ዝተጠቅዑ ፅሑፋትን መዓልታዊ ምልልሳትን ተኣኪቡ። እቶም ኣብነታት፣ ፈለማ ብዝውታረ ካብኡ ድማ ብቴማታት ድሕሪ ምምዳብ፣ እንታይ ዓይነት ስነ ልሳናውን መስተራኽባውን ባህርታትን ስልትታት ከም ዘለዉን ብዛዕባ ዘሕልፉዎም ሓፈሻዊ መልእኽትታትን ብዕምቈት ትንተናን ዝተያን ተኻይዱ። ተጠቀምቲ ልሳን ብዛዕባ ዝተፈላለዩ እንስሳት ብዘለዎም ቅርበት፣ ፍልጠት፣ ኣረኣእያን መስተጋብርን ብዙሓት ምስላታት ይጥቀሙ። ብፍላይ ልዕሊ 40% እቶም ምስላታት እንስሳት፣ ኣስማት ኣድጊ፣ ዝብኢ፣ ደርሆ፣ ከልብን ብዕራይን (ሕድሕዶም ካብ 24-55 ምስላታት) ዝርከቡዎም ብምዃኖም፣ ምስ እዚኦም ልዑል መስተጋብር ምህላዉ ምርዳእ ይከኣል። እቶም ምስላታት፣ ተጠቀምቲ ብእንስሳ "ኣምሲሎም"፣ ኣብ ውግዒ ብስውያ ብምስፋጥ ዓሚቕን ነባርን ባህላዊ ፍልጠትን ተመኩሮን ዘስርፁሎም፣ ከምኡ እውን ፀጋታት ካብ ወለዶ ናብ ወለዶ ዘሰጋግሩሎምን ኣካል ሓድጊ ሕብረተ ሰብ እዮም። ብሓፈሻ፣ እምነት፣ ኣተሓሳስባን ፍልስፍና ሓፈሻዊ ህይወትን ተጠቀምቲ እቲ ልሳን ይሕብሩ። እቶም ምስላታት፣ ዝተፈላለዩ መኣዝናትን ገፃትን ህይወት ዝትንክፉን ነባርን ብምዃኖም፣ ብዝተፈላለዩ መዳያትን ርእየታትን ክፅንዑን እቲ ዘፈር ስነ ምስላ ድማ ብሓፈሻ ግቡእን ቅልጡፍን ጠመተ ክረክብን ይግባእ።

**ቀንዲ ቃላት፦** ስነ ምስላ፣ ምስላ፣ መስተጋብር፣ ቋንቋ፣ ስውያ፣ ሓድጊ

## Article History

*Submitted: January 20, 2025*

*Revised: May 20, 2025*

*Published online: August 15, 2025*

## Citation

*Abate, K.T. (2025).* ምስላታት እንስሳት ኣብ ቋንቋ ትግርኛ፦ ገለፃዊ መፅናዕቲ [Animal proverbs in Tigrinya language: A descriptive study]. Ityopis: North East African Journal of Social Sciences and Humanities *7(1), 1-18.* https://doi.org/10.71624/ntkkt543

OPEN ACCESS

1 ክፍሊ ትምህርቲ ቋንቋታት ወፃእን ስነ ፅሑፍን፣ ከሕሳቁ፣ ዩ.መ.፤ abatekan.1424@gmail.com

# Animal proverbs in Tigrinya language: A descriptive study


## ABSTRACT

This study aimed at identifying and describing animal proverbs in Tigrinya language. Data was collected from purposefully selected books, studies, social media posts, and daily conversations. The proverbs were first categorized based on the number of animal mentions and other key features. A thorough thematic analysis of the linguistic and communication features, as well as overall messages, was then made. Replicating previous studies, a vast repertoire of proverbs was found based on the familiarity, knowledge, views, and engagement of the language users with the different animals. The fact that more than 40% (from a total of 418) were found to be donkey, hyena, hen, dog, and ox proverbs (each having 35, on average), shows a high engagement with these specific animals. Through the use of figurative language referring to animals in their communications, the speakers utilize the proverbs to instill profound cultural knowledge and experiences, as well as transfer values from generation to generation. As in many others, the instances show the beliefs, perspectives, and overall philosophical views of the lives of the speakers. As the proverbs mirror different life dimensions, they need to be studied considering different perspectives; hence, it is high time that the field of paremiology got appropriate attention.


**Keywords**: paremiology, proverbs, engagement, language, figures of speech, heritage

## መእተዊ

ኣብ ቋንቋታት ትግራይ ወይ እውን ብተጠቀምቲ እቶም ልሳናት ዝበሃሉ፣ እንተ ወሓደ ሓደ ስም እንስሳ (ዘቤት ወይ ዘገዳም) ዘለዎም፣ ዝተፈላለዩ ምስላታት ኣለዉ። ምስላታት፣ ምስላታት እንስሳት ሓዊሱ፣ ምጡናትን ዓመቑትን ገለፃታት ዝተፈላለዩ ትዕዝብታት፣ ተመኩሮታትን ለበዋታትን ደቂ ሰብ እዮም። ብመሰረት ኤሃንደር (2017፣ ገፅ 57)፣ ምስላ ማለት ብሰሓብን ተምሳሌታውን ኣገባብ፣ ሓፈሻዊ ሓቂ ዝገልፅ፣ ሓፂር ኣበሃህላ እዩ። ናይ ኢትዮጵያ ቋንቋታት ኣካዳሚ (1989) እውን፣ "ምስላ" ማለት "…መብዛሕትኡ ግዜ ንምምካር፣ ንምጥንቃቕን ንምንፅፃርን መግለፂ ዝኽውን ሰፊሕ ትርጉም ዘለዎ ሓፂር ኣበሃህላ" (ገፅ 127) ድሕሪ ምባል፣ *"ምስለ ካብ ሕማቕ ማይን ካብ ዓማቑ"* ብዝብል *ክንዮ ምስለ* (ምስላ ብዘዕባ ምስላ) ኣገዳስነቱ ይሕብር። ብመሰረት እዚ ቀሊል መብርሂ፣ "ምስላ" ማለት፣ "ሓፂር ኣበሃህላ" እዩ።

ምስላታት ዝበሃሉ ደቂ ሰብ ንነዊሕ ዘመናት ዝኣከቡዎም ፖለቲካዊ፣ ባህርያዊ፣ ማሕበራውን ቍጠባውን ርክባትን ኣተሓሳስባን ሕብረተ ሰብ ዝገልፁ ተመኩሮታት ህይወት እዮም (ወይን፣ 2018፤ ተስፋጊዮረጊስ፣ 2017)። ተስፋጊዮረጊስ፣ ሓደ ምስላ ብምጥቃስ፣ "እዚ ካብ ዝበሃል ክንደይ ዘመናት ኮን ሓሊፉ ይኸውን?" ብምባል ይሓትት እሞ፣ ባዕሉ ""ኣዝዩ ብዙሕ" ከም ዝኸውን ኣየጠራጥርን" ይብል። ብመሰረት ኣደሞዎን ባሎጉንን (2014)፣ ምስላታት ዝኾነ "ማሕበራዊ ሽቶ" ንምዕዋት ዝጠቕሙ፣ "ስነ ምግባራውን ሕልናውን ክብርታት ሕብረተ ሰብ" ዝሓዙን "መሰረታዊ ሕቅታት ህይወት" ዝገልፁን "ሓፀርትን ባህላውን ሓሳባት" እዮም።

እቶም ጥቕስታት፣ ምስላታት ኣዝዮም ምጡናት፣ ነባራት፣ ተመኩሮታትን ሓቅታትን ህይወት ምዃኖምን ስለ ምንታይ ከም ዝበሃሉን ይሕብሩ። ብፍላይ ብመንን ንምንታይን ከም ዝበሃሉ ንምሕባር፣ ገብረኪዳን (2006፣ ገፅ 9) እዚ ዝስዕብ ይብሉ፦

> ኣብ ሕብረተ ሰብና፣ ብምስላታት ዝተሳፈጡ ወግዕታትን፣ ላዛ ዝተመልኦም ሓሳባትን ናይ ምቕራብ ተኽእሎ ዘለዎም ሰባት፣ ዓበይቲ ዓዲ እናተበሃሉ [...] ይኽበሩ ነይሮም። ኣብ ውሽጢ ሕብረተ ሰብ ዘይምርድዳእን ቅርሕንትን እንተ ተፈጢሩ'ውን፣ ዓበይቲ ዓዲ እዮም ይፈትሑ ነይሮም።

ብካልእ ኣገላልፃ፣ ምስላታት፣ ወግዒ ንምውቃብን ንካልኦት ማሕበራዊ ረብሓታት (ንኣ.፦ ምእንተ ሰነያ ወይ ዕርቂ) ብፍላይ ብሰብ ተመኩሮ፣ ክእሎን ዕድመን ይዝውተሩ። ሰመረ (2014) እውን ኣብ ዕላልን መጒትን ዝምስል ሰብ ይኽበርን ይስማዕን ዘዴምስል ድማ ብምስላ (ንኣ.፦ "ዘየዀምስዕ ኣድጊ፤ ዘዴምስል ኣብዲ") ይውቀስ ከም ዝነበረ ይሕብር። ብመሰረት እዛ ተምሳሌታዊ ክንዮ ምስላ፣ እቲ ዘዴድልይ ባህርይ ኣድጊ (ዘይምዀምሳዕ)፣ ንዘዴምስል ዝኾነ ሰብ ይውክል፤ ብኡ ድማ ኣገዳስነት ምስላን ምምሳልን የርግፅ። ሓለቓ ፅገ (1987) ድማ ብዛዕባ እቲ "መምህረ መምህራን" ዝብሉዎ "ኣረጋዊ" እንትገልፁ፣ "...ጊዜ ቍልዕናን ጒብዝናን ዘሕለፈ፤ ወይ[ም] ኣብ መንጎ ዝተበኣሱን ዝተቐያየሙን ዝተቓተሉን ኣትዩ፣ ንፍሬ ዕርቂ ብታሪካትን ብምሳሌታትን እናውሐጠ" ፅልእን ቂምን ብምርሓቕ ብዘይ ዓስቢ ብምትዕራቕ ዘፋቕር ቅኑዕ ሰብ ምዃኑ ይገልፁ (ገፅ 13)።

ምስላታት፣ ሓፀርቲ ይኹኑ ደኣ እንበር፣ ስፍሓትን ዕምቈትን ዘለዎም ፍረ ነገራት ዝሓዙ ዘይቤያዊ ኣገላልፃታት እዮም (ኣለማየሁ፣ 2011)። ከምቲ ዝተሓበረ፣ ብፍላይ ወለዲ፣ ዓበይቲ ዓዲ፣ ኣረጋውያን፣ (ወይ ብዙሕ ዘሕለፉን ባህሎም ብዝግባእ ዝፈልጡን ሰብ ተመኩሮ)፣ ኣብ ዕለታዊ መስተራኽብ ወይ ምልልስ፣ ምስላ እናሓወሱ የውግዑ። መልእኽቲ፣ ኣድናቖት፣ ተግሳፅ፣ ምኽሪ፣ ወዘተ. ንምምሕልላፍ ኣብ ክንዲ ብቐጥታ ካልእ ብምምሳል ከም ዘቢርሳዕ ብምግባርን (ምስላ፣ ቃል ወይ ዘረባ ዓበይቲ፣ ቃለ እግዚኣብሔር) ወይ ኣብ ዓውዲ ብምእታው ይዝንተው፣ ይንገር፣ ይምከር፣ ወዘተ። "...መለበሚ ኣዴኽላእኻ" እውን ስለ ዘሎ፣ ኣብ ክንዲ ብቐጥታ "ንኽመስሎ መሲልካ ንገሮ" ወይ "መሲለ ዝነግሮ፤ ንኽመስሎ" ይብሉ ሰብ ክእሎ። ስለዚ፣ ምጥቃም ምስላ፣ ስነ ልሳናዊ ወይ እውን መሰተራኽባዊ ስልቲ እዩ።

ከምቲ ዝተሓበረ፣ ምስላታት ሓፀርቲ ገለፃታት ወይ ኣበሃህላታት እንትኾኑ፣ ኣብ ዕለታዊ መስተራኽብ ዝውቱራትን ብቐሊሉ ዝርድኡን እዮም። ነዚ እዩ፣ ኣለማየሁ (2011፣ ገፅ 114)፣ "ኣብ ዕለታዊ ምንቅስቓስ ደቂ ሰብ ተመስሪቶም" ዝበሃሉ ቀዳሕቲ ባህርይ ዝብሎም። ከም ቃላት፣ ካብ ካልእ ልሳን (ልሳናት) ምልቃሕ ወይ ምውራስ ይሃለውን ምንፃር ኣንፈት ምልቃሕ ይኽበድን እንበር፣ ናይ ዝተወሰነ ከባቢ፣ ማሕበረ ሰብ፣ ሕብረተ ሰብ፣ ዓዲ ወይ ሃገር ዝበሃሉ ምስላታት ኣለዉ። ነዚ እዩ፣ ስም ዓዲ ወይ ሃገር ብምፅራሕን ምስላ ብምጥቃስን "...በሉ" ወይ "...ይብሉ" ዝበሃል። ኣብ ዝተወሰኑ ምስላታት ትግርኛን ሶማልን ንፅፅራዊ መፅናዕቲ ዘካየደ ቡሳው (2019)፣ ምምስሳል ክልቲኦም ልምድታት ሓድጊ፣ ብመንፅር ሓበራዊ ታሪኽን ባህልን ዘባና ኣካል ቀርኒ ኣፍሪካ ምዃኖም ይሕብር። ብተወሳኺ፣ ዝተፈላለዩ ምኽንያታት ብምጥቃስ፣ ክልተ ኣብ ሓደ ዓሌት ዘዴምደቡ ልሳናት ከምኡ እውን ዝተፈላለየ እምነት ዘለዎም ማሕበረ ሰብ፣ ዝመሳሰል ልምድታት ስነ ቃል እንተ ሃለዎም ሓዱሽ ነገር ከም ዘይኮነ ብመረዳእታ ይምጉት።

ብዘይካ ምጡንነትን ዝውቱርነትን፣ ገሊኦም ምስላታት፣ ፍሉይ ቅድን ረምታን ኣለዎም። በዚ ምኽንያት፣ ብቐሊሉ ዝዝከሩን ብቓል እንትበሃሉ ዜማ፣ ኣብ ፅሑፍ ድማ ተመዓዳዳውነት ኣለዎም፤ ከም ግጥሚ፣ ፅባቐ እውን መግለፂኦም እዩ። ንኣብነት፣ "ሰብ ናብ ሰቡ፤ ዝብኢ ናብ ገረቡ፡ ዝብል ብዓል ክልተ ክፋላት ምስላ፣ ርዱእ ብምዃኑ ግስ የበሉን፤ ፍሉጥ ዓውዲ፣ ተመሳሳላይ

በዝሒ ቃላትን ሓደ መዋቕርን መኽንበቲ ድምፅን ስለ ዘለዎ፣ ምጡን፣ ተዘካሪ፣ ተመዓዳዳውን ግጥማውን እዩ። ብዘይካ እቲ ዘለዎም ስነ ፅባቐኣውን ተምሳሌታውን ረብሓ፣ ሓቂ ተመኩሮ ዝገልፁ ስእላዊ ሓሳባት እዮም (ራሱል፣ 2015፣ ገፅ 53፤ ኣደሞዎን ባሎጉንን፣ 2014፣ ገፅ 151)። በዚ ምኽንያት ዝበሃል ምስላ (ወይ ብእኡ ዝሓልፍ ፍረ ነገር) ከም ጥረ ሓቂ፣ ርዱእን ቅቡልን ይኸውን።

ዝተፈላለዩ ፅሓፍቲ (ንኣ.፦ ኦልየሚሲ፣ 2017፤ ሓጎስ፣ 2015፤ ኣሺፑ፣ 2013) ከም ዝምስክሩዎ፣ መብዛሕትኦም ቃላዊ ይኹኑ ደኣ እንበር፣ ኣፍሪካዊ እምነታትን ፍልስፍናዊ ዛዕባታትን ብዝበለፀ ኣብ ምስላታት ይርከቡ። ሕሉፍ ሓሊፉ፣ ኣሺፑ (2013)፣ ነቶም ብዛዕባ ህላወ ኣፍሪካዊ ፍልስፍና ዝጠራጠሩ ብምቅዋም፣ ከም ግብሪ መልሲ ኣብ ምስላታት ዮሩባ ምርምር ብምክያድ እቶም ዝኣከቦም፣ ርኡያት ኣብነታት መርኣያ ፍልስፍና ኣፍሪካ ምዃኖም ይሕብር። ብመሰረት ባሳው (2019)፣ ምስላታት ኣብ ቃላዊ ልምድታት ኣፍሪካ ልሙዳት ጥራይ እንተይ ኮኑ፣ ዳርጋ ኣብ ኵሎም ልሳናት ይርከቡ። ኮስታንዲየስ (2007) ድማ፣ ሞኪቲሚ (1997) ብምጥቃስ፣ ምስላታት ከም ማሕበረዊ ዘፈር መስተራኸብ ብምግላፅ “ከም መሳለጥቲ ፍልጠት፣ ልቦና፣ ፍልስፍና፣ ስነ ዜጋን ስነ ምግባርን ምዃኖም ትሕብር”። ፑንፊልድን ዱሩን (1988) ብምጥቃስ ድማ፣ ምስላ መብዛሕትኡ እዋን ቃላዊ ስለ ዝኾነ፣ ኣብ ቃላዊ ሕብረተ ሰብ ዝረከብ ማሕበራዊ ቅዲ መስተራኸብን “ንህይወት ዝገልፅ” ጥራይ እንተይ ኮነ “ኣካል ህይወት” ምዃኑ ትምጉት። ብሓፈሻ፣ በመሰረት ኣደሞዎን ባሎጉንን (2014)፣ ካብ ዘመን እኒ እኒ ክሳብ ሎሚ፣ ባህሊ፣ ፍልስፍና፣ ማህበራዊ ስነ ምግባርን ክብርታትን ከምኡ እውን ኣስተብህሎ ህዝቢ ንምስግጋር ዘገልግል ኣዝዩ ሓያልን ዕዉትን መሳርሒ እዩ፥ ምስላ።

ሓጎስ (2015፣ ገፅ 188) ኣንስትዮ ኣብ ምስላታት ትግርኛ ከመይ ከም ዝቐረባ ጠመተ ኣብ ዝግበረ መፅናዕቱ ከም ዝብሎ፣ ምስላታት ከም ኣጠማምታት፣ እሴታትን እምነታትን ሕብረተ ሰብ፣ ከም መልእኽቲ ንምስግጋር ዝጠቕሙ ማሕበራዊ መሳርሕታት እዮም። ውፅኢት እቲ መፅናዕቱ ድማ መብዛሕትኦም ምስላታትን ምስላዊ ኣበሃህላታትን ትግርኛ ብመዳይ ፍናንን ብልሕን፣ ኣንስትዮ ከም “ፅጉዓት፣ ክፉኣት፣ ሰነፋትን ትሑታትን ምዃነን” የመልክት። ነዚ እዩ ተስፋጊዮርጊስ (2017)፣ ምስላታት፣ “እወታዊ ጐድኒ ጥራይ” ከም ዘይብሎምን “ገሊኦም ንተራ ኣበርክቶን ህላወን ገለ ክፋል ሕብረተ ሰብ ዝጐስዩን ዘነኣእሱን” ምዃኖም ዝሕበር።

እቲ ካሊእ ኣገዳሲ ፍረ ነገር፣ ምስላታት ካብ ወለዶ ናብ ወለዶ ዝሰጋገሩ ምዃኖም እዩ። ብዛዕባ ኣገዳስነት ምስላታት ቀደም፣ ሞገስ (፲፱፻፶፰) ብኸምዚ ይገልፅ፦

ምሳሌን ተረትን ጊዜያዊ ኩነታትን ኣጋጣምን ርኢኻ ክትምስልን ከሎኻ፣ ሎሚ ዝግበር ቀደም ይግበር ከም ዝነበረ ትፈልጥ። ደግነት ኮነ ክፍኣት፣ [...] ካብ ቀደም ዝነበረ ደኣ እንበር፣ ናይ ሎምን ደቂ ሎምን ጥራይ ከም ዘይኮነ ትኣምን። ካብ ቀዳሞት ንሕና ንሓይሽ ካብ ዚብል ስሕተት፣ ንሕና ንኸፍእ ካብ ዚብል ተስፋ ምቑራፅ እውን ትድሕን።

ብመሰረት እቲ ዝተጠቐሰ ሓሳብ፣ ምስላ ክስነድን ክምዕብልን ዘለዎ ኣዝዩ ኣገዳሲ ሓድጊ እዩ። መብዛሕትኦም ምስላታት ቅልል ዝበሉ ይምሰሉ ደኣ እንበር፣ ከም ሓደ ሓደ ፅሓፍቲ ክብድ ዝበሉ እውን ኣለዉ። ንኣብነት፣ ተስፋጊዮርጊስ (2019)፣ ምትርጓሞ ምስላታት “ብዙሕ ጥንቃቐን ክእለትን” ከም ዝሓትት ብኣብነት ይሕብር። በዚ ምኽንያት፣ ነቲ ባህሊ ኮነ ዘለዉዎ ዓውዲ ብዝግባእ ዘይፈልጡ ሰባት ኣብ ምርዳእ እቶም ምስላታት እንተ ፀገሞም ኣዩገርምን። ፍታሕ ምስላታት ዝፍለጥ ብሓደ ዓይነት

ወይ ብቐጥታ እንተይ ኮነ፣ እንታይ ዓይነት ምስጢር ወይ እመታዊ መልእኽቲ ንምምሕላፍ ከም ዝተደለየ ብምምርማር እዩ (ወይን፣ 2018)። እዚ ንምግባር፣ እቶም ምስላታት ብመንፅር ዝዛመድ ዛንታ ወይ ፍፃመ ምርዳእ ይጠልብ።

ቃላት፣ ብመሰረት ዘለዎም ተግባር፣ ባእታታት፣ ወይ ባህርታት ኣብ ዝተፈላለዩ ጉጅለታት ይምደቡ። ንኣብነት፣ ትሕዝቶኣውን ተግባራውን ወይ ድማ ስም፣ ክንዲ ስም፣ ግስ፣ ተውሳከ ግስ፣ ቅፅል፣... ከምኡ እውን ብመሰረት ዝዝውተሩሉ ዛዕባ ምምዳብ ይከኣል። "ቃላት እንስሳት"፣ ዝበሃሉ ድማ ነፀላ ይኹኑ ድርብ ወይ ነዋሕቲ ሓረጋት ወይ ብሂላት ኩይኖም፣ እንተ ወሓደ ሓደ ስም እንስሳ ዘለዎም እዮም። እዞም ኣብነታት፣ ሰዋስዋዊ ቅርፅታቶም፣ ግልጋሎቶም ኮነ ፍትሒታቶም ከም ሃገሮም ዝተፈላለዩ እንትኾኑ እንተ ነኣሰ (ብዘለዉዎ ቅርፂ፣ ኣብ ብዝተፈላለየ ዓውዲ) እማሬያውን ፍካሬያውን ፍታሕ ኣለዎም። እቲ ቀዳማይ፣ ቀጥታዊ ወይ መዝገበ ቃላታዊ ፍትሒት እንትኸውን፣ እቲ ቃል ንሓደ ነገር (ባእታ፣ ሓሳብ፣ ኩነት፣ ወዘተ.) ይውክስ ወይ ይውክል። እቲ ዳሕረዋይ (ፍካሬያዊ) ድማ፣ እቲ ቃል ኣብ ካሊእ ዓውዲ ዝህልዎ ሕቡእ ወይ እመታዊ (እወታዊ ወይ ኣይታዊ) ፍታሕ እዩ። ንኣብነት፣ "ብዕራይ" ዝብል ቃል፣ +እንስሳ፣ +ዘቤት፣ +ተባዕታይ፣ +ቀራን፣ +ገዚፍ፣ ወዘተ. ይውክል፤ ከከም ከባቢኡን ባህሉን ድማ ዝተፈላለየ ፍካሬያዊ ፍታሕ ኣለዎ (ንኣ.፦ ዓሻ፣ ሃላይ፣ ደርጋፍ፣ ለዋህ፣ ኣገልጋሊ፣ ወዘተ.)።

ከምቲ ዝተጠቐሰ፣ ኣስማት እንስሳ፣ በብብሕቶም፣ እማሬያውን ፍካሬያውን ፍታሕ ኣለዎም። እቶም ኣስማት ምስ ካልኦት ቃላት ብምዝናቕ ድማ ኣካል ሓረጋት፣ ምስላታት ወይ ኣበሃህላታት ይኾኑ እሞ ውሰኽ ግልጋሎት ይህልዎም። ኣበ መበቈል፣ ረብሓታትን ኣገዳስነትን ምስላታት (ወይ ዘፈር ስነ ምስላ) ጠመተ ዝገብሩ ድርሳናት ከም ዝሕብሩዎ፣ ኣብ ምስላታት ዝርከቡ ተምሳሌት እንስሳት ካብ ኣርባዕተ ክሳብ ኣርባዕተን ፈረቓን ሚለንየም ዓመታት ዕድመ ኣለዎም። ወሰን ሰገራዊ ወላ ኣዪኹን፣ ኣምራዊ ድርርግ እንስሳ-ሰብ ኣዝዩ ብስፍሓት ዝርከብን ፍልጠት ሰብ፣ ብምስጢራዊ ኣገባብ ንምግላፅ ዝጠቅም መሰረታዊ ስልቲ እዩ። ብስነ ብህለታዊ ዓውዲ እንስሳት ኣብ ምምሃዝ ተምሳሌታዊ ምስላታት ከም ኣዝዩ ልሙዕ ወይ ኣፍራያይ ይረአይ።

ምስላታት መብዛሕቲኡ ግዜ ብእኹላት ሰባት (ፅገ፣ 1987፤ ገብረ ኪዳን፣ 2006) ኣብ ዝተፈላለዩ እዋናትን ዓውድታትን ከም ዝዝውተሩ ተሓቢሩ። ንኣብነት፣ ኣብ መዓልታዊ ወግዒ፣ መጌት፣ ስነ ፅሑፍ፣ ወይ ዝተፈላለየ መስተጋብር ከምኡ እውን ኣብ ዝተፈላለዩ ስራሕቲ ስነ ጥበብ፣ ዘተ፣ ዓውድታት ወይ ስፍራታት (ንኣ.፦ ኣብ ገዛ፣ ትምህርቲ፣ መራኸቢ ብዙሓን) ይዝውተሩ። እንስሳት ከም ዝሰምዑን ዝዛረቡን ብምግባር "...ከምዚ በለ፣ በለት፣ ወዘተ." ብምባል፣ ከም ብልሒ፣ ጕርሒ፣ ተንኰል፣ ቅርሕንቲ፣ ንዕቐት፣ ወዘተ. ዝበሉ ፍረ ነገራት ዘለዎም ብሂላት ወይ "ሰባዊ" ምስላታት ይበሃሉ (ወይን፣ 2018)። ኣብዛ ዝተጠቀሰት ሕታም ወይን፣ ሰለስተ ምስላታት (1. "የለናላን ብካራ ፀወታ! ኣደታትና ብኡ እየን ዝሞታ" በለት ደርሆ፤ 2. መፅሓፍያ ዝብእስ፣ "ንብላዕ ንብላዕ"፤ 3. ደርሆስያ፣ ብመዓንጣ ደቃ ትፃወት) ምስ ህልው ኩነታት ብምትሕሓዝ ዘለዎም እመታዊ ፍትሒታት ይዝትይ።

ኣብቶም ዝተጠቐሱ ምስላታት ዘለዉ እንስሳት (ደርሆ፣ ዝብኢ)፣ ምስ ሰብ ዝውቱር መስተጋብር ወይ መስተራኽብ ዘለዎም እዮም። ብተመሳሳሊ፣ ኣለማየሁ (2011) ብዛዕባ ምስላታት ብሓፈሻ ኣብ ዘላልየሉ ክፋል መፅሓፉ፣ ካብቶም ዝጠቕሶም ሸውዓተ፣ እቶም ሰለስተ፣ ኣስማት እንስሳት ኣለዎም። ነቲ ኣምር ንምብርሃራህ ዝጥቀመሉ ዋና ኣብነት ድማ፣ "ዘመን ፀበቐ፣ ንኣድጊ ከፈኦ፤ ዘመን ሓመቐ፣ ንኣደጊ ከፈኦ" ብምዃኑ፣ ኣብቲ ልሳን ወይ እውን እቲ ልሳን ኣብ ዝዝረበሎም ስፍራታት፣ ልዑል ዝውታረን ኣገደስትን ኣስማት እንስሳት ዘለዎም ምስላታት (ወይ "ምስላታት እንስሳት") የመላኽት።

እዚ መፅናዕቲ ኣብቶም ብኣስማት እንስሳት ዝፍለጡ ምስላታት ዝተኸየደሉ ምኽንያት፣ ብመንፅር እቶም ዝተጠቕሱ ስራሕትን ኣብቲ ዝቕፅል ንኡስ ክፋል ብስፍሓት ዝተለዓሉ ሓሳባት እዩ።

## ሓተታ መፅናዕቲ

ዝተፈላለየ ፍልጠት፣ ተመኩሮ፣ ፍፃመ፣ ታሪኽ፣ ወዘተ. ሰብን ተፈጥሮን ቀደምን ሎምን ብቓል፣ ነበረያ ነበረ፣ ምስላ፣ ኣዝግነኒ፣ ሕንቅ ሕንቅሊተይ፣ ወዘተ. ይመሃዝ፣ ይንገር፣ ይዝንተው፣ ይመሓላለፍ። ክእለትን ኣራኽቦን እንትህሉ ድማ ብዝተፈላለየ መንገዲ ይፅሓፍ፣ ይሰኣልን ይቕረፅን ወይ ይዕቀብን እሞ ንዝተፈላለየ ግልጋሎት ቅሩብ ወይ ትሑዝ ይኸውን። ከምቲ “በቃል ዘሃሎ ይትረሳእ፤ በመፅሓፍ ዘሃሎ ይውሳእ” ዝበሃል፣ እቲ ብቓል ዝፍለጥን ዝደጋገምን ምስላ ቀዳሞት ከዪርሳዕ ወይ ድማ ክውረስ ምእንቲ፣ ኣብዚ ዛዕባ እዚ ምርምር ምግባር ግቡእ እዩ። ኮስታንዲየስ (2007)፣ ኲዝዋዮ (1998) ብምውካስ፣ መፅናዕቲ ምስላ “ግዜኡ ዝሓለፎ” ወይ ከም “ኣረጊት ዛዕባ” ገይሮም ዝርእዩ ወላ እንተ ሃለዉ፣ መብዘሕትኦም ፀገማት ብሰንኪ “ሕፅረት ባህላዊ ንያት ወይ እሴታት” ብምኳኑ፤ ኣብ ምስላ ዝግበር ምርምር ኣገዳስነቱ ዕዙዝ ምኳኑ ትገልፅ።

ምስናድ ምስላ ብቓል ንዘመናት ዝነበረ ሓድጊ ንምፍላጥ ዝሕግዝን ኣድላይን እዩ። ኣደሞዎን ባሎጉንን (2014) ብምጥቃስ ልዕል ኢሉ ከም ዝተሓበረ፣ ፀጋታት ንምምሕልላፍ ዘገልግል ኣዝዩ ሓያልን ዕዉትን መሳርሒ እዩ። ምስላታት፣ ብወግዒ ወግዒ ንምምሃርን ንምምካርን ዘገልግሉ ኣጠቓቕማታት ቋንቋ ብምኳኖም፣ ብመንፅር ዘመሓላልፉዎም ፍረ ነገራት እውን ምርኣይ የድልይ። ብኸምዚ፣ ምስቶም እንስሳታት ዝዛመዱ ዝተፈላለዩ ባህርታትን ኣረኣእያታትን ብዕምቈት ንምንፃርን ሰባት ኣብቶም እንስሳት ዘለዎም ኣጠማመታታት ከምኡ እውን ብዛዕባ ሰባት፣ ማሕበረ ሰብ፣ ሕብረተ ሰብ፣ ወዘተ. ንምርዳእን ንምዝታይን ይሕግዝ። ብኡ ብኡ ድማ፣ ብዛዕባ ግቡእ መዓላ እቶም ምስላታት ኣንፈታት ንምቕማጥ ይሕግዝ።

ሞገስ (፲፱፻፶፰) “ጥንታዊ ምሳሌ” ንምንታይ ክፅሕፍ ከም ዝወሰነ እንትሕብር፣ “...ናይ ሓደ ሃገር ባህልን ሕግን ወግዕን፣ ልምድን ቋንቋን ዚርከብ ኣብ ምሳሌኡን ተረቱን ስለ ዝኾነ፣ ወዲ ሃገር ናይ ሃገሩ ምሳሌን ተረትን ኬፅንዕን ኪፈልጥን ይግባእ...” ይብል። በዚ መበገሲ፣ ኣብ ምስላታት ብሓፈሻ ብፍላይ ድማ ኣብ ምስላታት እንስሳት መፅናዕቲ ምግባር ማለት ኣብቲ ልሳን እንታይ እንታይ ዝበሃሉ ከም ዘለዉ፣ ባህርታቶምን ዘመሓላልፉዎምን ፍረ ነገራት ወይ ፍልጠት ንምንፃርን ምርዳእን ፃዕሪ ምግባር ብምኳኑ ኣገዳሲ ትምህርታዊ መስተጋብር፣ ምሁራዊ ዛዕባ ወይ ድማ ዓውዲ ምርምር እዩ።

ምስላ፣ “ጠቕላላ ሕግን ወግዕን ታሪኽን ቋንቋ ከይተረፈ” ዝሓዘ መሰረተ ባህል ስለ ዝኾነ፣ “ሓንሳብ ተፃሒፉ ዘይኣክል ከምኡ እውን ብሓደ ክልተ ሰባት ተሰሪሑ ዘይውዳእ ብምኳኑ መመሊስካ ክፅሓፍ ኣለዎ” (ሞገስ፣ ፲፱፻፶፰)። ልሳናት ኢትዮጵያ (ከም ካልኦት ልሳናት ኣፍሪካ)፣ ብዙሓት ምስላታት ከም ዘለዎም ዝተፈላለለዩ መፅናዕትታት ይሕብሩ። እቶም ምስላታት ዝተፈላለዩ ገፃት ህይወት ዝትንክፉን ብመሰረት ዘለዎም ንኡሳን ባእታታት፣ ኣብ ዝተፈላለዩ ምምዳብ ይከኣል። ካብዚኦም፣ ምስላታትን እንስሳት ይጥቀሱ። በቲ ዝተጠቐሰ መበገሲ፣ እንኳንያ ኣብ ኲሎም (ዓይነት) ምስላታት፣ ኣብ ዝተወሰነ ዓይነት ደረት ዝገበረ መፅናዕቲ እውን ከቢድን ምሉእነቱ ዘጠራጥርን ብምኳኑ ምስ ፀገሙ፣ እዚ መፅናዕቲ ኣብ ዝተወሰኑ ምስላታት (ስም እንስሳ ዘለዎም) ፍሉይ ጠመተ ብምግባር ምክያድ ኣድላዪ ኰይኑ። ኣስማት እንስሳት ዘለዎም ምስላታት፣ ክንዲ እቶም ፍጥረታት ወላ እንተ ዘይኮኑ፣ ብሕድሕድ እንስሳ ዝበሃል ካብ ሓደ (እንተ ወሓደ) ክሳብ ልዕሊ 50 ኣለዉ። ከም ሓደ ሓደ እማ፣ ኣስማት እንስሳት ዘለዎም ቃላትን ኣበሃህላታትን ኣዝዮም ብምብዝሖም፣ ናይ ባዕሎም መዝገበ ቃላት ወይ መፅሓፍ ከም ምድላው

ማለት እዩ። ብመሰረት እቶም ዝተለዓሉ ሓሳባት፣ ብፍላይ ኣብቶም ኣብ ዕላዊ ልሳን (ብፍላይ፣ ብተጠቀምቲ እቲ ልሳን) ዝፍለጡ እንስሳታትን ምስላታትን ጠመተ ምግባር ኣድላይነቱ ርዱእ እዩ።

## ዕላማታት መፅናዕቲ

ዋና ዕላማ እዚ መፅናዕቲ፣ ኣብ ትግርኛ ዝርከቡ ምስላታት እንስሳት ምንፃርን ትሕዝቶኦም ምግላፅን እዩ። ብፍላይ፣ እዞም ዝስዕቡ ዝርዝር ዕላማታት ኣለዉ፦

- በዝሕን መጠንን ኣስማት እንስሳት ዘለዎም ምስላታት ትግርኛ ምንፃር፤
- እቶም ምስላታት እንስሳት ብዝተፈላለዩ ቴማታት ብምምዳብ ምትንታን፤
- እቶም ምስላታት ዘመሓላልፉዎም ሓፈሻዊ ብህላታት ወይ ፍትሒታት ምግላፅ፤
- ስነ ልሳነውን መስተራኽባውን ባህርታት እቶም ዝውቱራት ምስላታት ምግላፅ።

## ሜላ መፅናዕቲ

ኣብ ስነ ምስላ ዝተኻየዱ መፅናዕትታት ከም ዝሕብሩዎ፣ "ምስላላ እንስሳ" ዝበሃል ኣብ ዝኾነ ልሳን ብውሕዱ፣ ሓደ ስም እንስሳ ዘለዎ ምስላ እዩ። ኣብዚ መፅናዕቲ እውን፣ "ምስላታት እንስሳት" ዝበሃሉ፣ ኣብቲ ቋንቋ ዝርከቡ፣ እንተ ወሓደ ሓደ ስም እንስሳ ዘለዎም ምስላታት እዮም። እቶም ምስላታት ብዕሉም ስልቲ ካብ ዝተሓረዩ መዝገበ ቃላት (ካሳን ኢማኑኤልን፣ 2000)፣ መፃሕፍቲ [ሞገስ፣ ፲፱፻፵፰፤ ገብረ ኪዳን፣ 2006፤ ሰመረ፣ 2014] ከምኡ እውን ኣብ ማሕበራዊ መርበብ ካብ ዝተጠቕዑን ዝርከቡን ፅሑፋትን መዓልታዊ ምልልሳትን ዝተኣከቡ እዮም። እቶም መፃሕፍቲ ኣብቲ ልሳን ዝርከቡ (ወይ ብተጠቀምቲ ዝበሃሉ) ካብ ሀ–ፐ ዘለዉ ምስላታት ዝሓዙ እዮም። ብተወሳኺ፣ ኣብ ዝተፈላለዩ ዛዕባታት ጠመተ ብምግባር ኣብ ኣጠቓቕማ ቋንቋ ብሓፈሻ ኣብ ቃላትን ምስላታትን ትግርኛ ድማ ብፍላይ ካብ ዝተኻየዱ ወይ ዝተፈነዉን ፅሑፋት ዝተረኽቡ ኣለዉ።

ብመሰረት ኢስታጂኒን ናክሃቪሊን (2011)፣ ተምሳሌታዊ ምስላ ብሕቡእ ወይ ውሽጢ ድርርግ ካብ ሓደ ነገር ናብ (ወይ ብዛዕባ) ካልእ ምድምዳም እዩ። ብሓፂሩ፣ ተምሳሌት ዝበሃል ሓደ ነገር ብካልእ ምግላፅ፣ ምርዳእን ምስትምቓርን እዩ። "ሓደ ነገር" ወይ "ካልእ" ካብ ምባል፣ ኮስታንዲየስ (2007)፣ ኩዝዋዮ (1998) ብምጥቃስ፣ ከም ዝበለቶ፣ "ሰብ ዝበሃል ብካልእ ሰብ ከም ዝኾነ" ብሓፈሻ ድማ ምስላ "መግለፂ ኣፍሪካዊ ኣገባብ መነባብሮ" እዩ።

በዚ መሰረተ ሓሳብ እንበኣር፣ ኣብ ምጥቃም ምስላታት ትግርኛ፣ ብእንስሳት ኣቢሉ ዝመሓላለፍ ፍረ ነገር ንምርዳእ፣ ኣየነዎት ኣብቶም ተምሳሌታዊ ኣጠቓቕማታት ከም ዝርከቡ፤ ከምኡ እውን በዝሒ፣ ዝውታረን ባህርታትን ምንፃርን ምግላፅን ከም ዝጥዕም በብቴማታት ብምምዳብ ትንታንን ዝተያን ውፅኢታት ተኻይዱ።

## ደረት መፅናዕቲ

ኣብ ትግርኛ፣ ብዝተፈላለየ ኣገባብ ዝርከቡ ኣስማት እንስሳት ኣብ ቃላት፣ ሓረጋት፣ ኣበሃህላታትን ምስላታትን ከከም ዓውዱ ዝተፈላለዩ መዋቕራትን ረብሓታትን ኣለዎም። ከከም ዓውዱ ዝተፈላለዩ መልእኽታት ንምምሕልላፍ እውን የገልግሉ። እዚ መፃናዕቲ ግን፣ ብፍላይ ኣብ ምስላታት እንስሳ (እንተ ወሓደ፣ ስም ሓደ እንስሳ ዘለዎም) የድህብ። ስለዚ፣ ኣስማት እንስሳት ዘለዎምን ከምቶም ምስላታት ኣገደስቲ ዝኾኑን ቃላትን ብሂላትን ይሃልዉ ደኣ እንበር፣ ካብ ደረት እዚ መፅናዕቲ ወፃእ እዮም። ብተወሳኺ፣ ኣብዚ ፍሉይ ትኹረት ዝተገበረሎም፣ ኣብቶም ዝተጠቕሱ ፍልፍላት፣ ዝተሓበሩ ጥራይ እዮም።

ኣብቲ ዝቕፅል ክፋል ብስፍሓት ከም ዝተሓበረ፣ ክልተ ዝተፈላለዩ ዝመስሉ ከም ሓደ፣ ሓደ ምስላ ድማ ከም ክልተ ዝተወሰደሉ ግዜ ኣሎ። ንኣብነት፣ ስም ሓደ እንስሳ ዘቤት ወይ ዘገዳም ዘለዎ፣ ከም "ንሰብ ብዘመድ፤ ንኣድጊ ብገመድ" ወይ "ንኣድጊ ብገመድ፤ ንሰብ ብዘመድ" ዝበለ ቅደም ሰዓብ ክፋላቱ ዝቀያየር ምስላ ከም ሓደ ይሕሰብ፤ ክልተ ኣስማት እንስሳት ዘለዎም (ንኣ፦ "ሓርሽ ኣይውጋእኻ፤ ጐባይ ኣይልሓስካ") ድማ እቲ ምስላ ብሕድሕድ እንስሳ ስለ ዝፍለጥን ዝስነድን (ንኣ፦ ኣብ መዝገበ ቃላት)፣ ከም ክልተ ይቝፀሩ። ብተወሳኺ፣ ከባብያዊ ወይ ላዛዊ ኣፈላላያት ዘለዎም ምስላታት፣ ኣብቲ ልሳን ከመይ ከም ዝርከቡ ይሕበር እንበር፣ ብቓል ወይ ብንበት ብምፍልላዮም ከም ክልተ ኣይሕሰቡን።

## ውፅኢታትን ትንታነን

እቶም ካብ ዝተፈላለዩ ፍልፍላት ዝተኣከቡ ምስላታት፣ ብመንፅር እቶም ዝተነፀሩ ዕላማታት ኣብ ዝተፈላለዩ ቴማታት ብምምዳብ፣ ዝተሳሰየ ትንታነ ውፅኢታት ከም ዝስዕብ ይቐርብ። ኣብቲ ትንታነ፣ ካብ ምንፃር ውፅኢት ኣትሒዙ፣ ምስ ቅዱም ፍልጠታትን ስራሕትን ንምትሕሓዝ ፃዕሪ ተገይሩ። ኣብ ከምዚ ዝበለ መፅናዕቲ፣ እቲ ቅድሚ ኵሉ ዝለዓል፣ እቲ ክፋል ስነ ቃል ክንደየናይ ዝውቱር ምዃኑን ስለ ዝኾነ፣ እዚ ነገር ንምፍታሽ እቶም ምስላታት (ኣብ ክሊ እቶም ዝተዳህሰሱ ፍልፍል መረዳእታታት) ክንደይ ምዃኖምን ኣየነዎት እንስሳታት ክንደይ ግዜ ከም ዝጥቀሱ ምንፃርን ስለ ዝኾነ፣ እዚ ቀዳማይ ንኡስ ክፋል፣ በዚ ዛዕባ ይጅምር።

*1. ዝውታረን በዝሕን ምስላታት እንስሳት*

ኣብ መእተዊ፣ ምስላታት ኣብ ልሳናት ኣፍሪካ ብበዝሒ ከም ዝርከቡ ተሓቢሩ። እዚ መፅናዕቲ ዝተኻየደሉ ሓደ ምኽንያት፣ እዚ ነገር ክንደየናይ ሓቂ ምዃኑ ንምንፃር እዩ። በዚ መበገሲ፣ ካብቶም ዝተሓበሩ ፍልፍላት መረዳእታ፣ ኣስማት እንስሳት ዘለዎም 418 ምስላታት ዝተረኽቡ እንትኾኑ፣ ብመንፅር ዝውታረ ካብ 1–56 ግዜ ዝተጠቕሱ እንስሳት ኣለዉ። ብኻልእ ኣገላልፃ፣ ስም ሓደ እንስሳ ዘለዎም ክሳብ 56 ምስላታት ኣለዉ።

| ቍ. | ስም እንስሳ | በዝሒ ምስላታት | ምኢታዊ (%) | % | % (፩ይ-፲ይ) |
|---|---|---|---|---|---|
| ፩. | ኣድጊ | 56 | 13.4 | | |
| ፪. | ዝብኢ | 34 | 8.1 | 174/418 | |
| ፫. | ደርሆ | 32 | 7.7 | = | |
| ፬. | ከልቢ | 28 | 6.7 | 41.6% | 280 |
| ፭. | ብዕራይ | 24 | 5.7 | (፩ይ-፭ይ) | = |
| ፮. | ድሙ | 22 | 5.3 | 106/418 | 67% |
| ፯. | ተመን | 22 | 5.3 | = | |
| ፰. | ኣንጭዋ | 21 | 5 | 25.4% | |
| ፱. | ህበይ | 21 | 5 | (፮ይ-፲ይ) | |
| ፲. | ላሕሚ | 20 | 4.8 | | |

ብመሰረት ሰደቓ ፩፣ ካብቶም ብዙሕ (እንተ ወሓደ 20) ምስላታት ዘለዎም ላዕለዎት ዓሰርተ፣ እቶም ሽዱሽተ እንስሳ ዘቤት (ካብቶም ቀዳሞት ሓሙሽተ ድማ እቶም ኣርባዕተ)፣ እዮም። እዚ ነገር፣ ሰባት ምስ ኣየነኦም እንስሳት ዝበለፀ መስተጋብር ከም ዘለዎም፣ ኣየነዎት እንስሳት ኣብ ቀረባኦም ከም ዝርከቡን ዝፍለጡን ይሕብር። ብመሰረት እቲ መረዳእታ፣ ብጠቕላላ 54 ኣስማት እንስሳት ዘለዎም 418 ምስላታት ዝተረኽቡ እንትኾኑ፣ ካብቲ ድምር በዝሒ፣ ዳርጋ ክልተ ኢድ ዝኾኑ ድማ እቶም ኣብቲ ሰደቓ ዝተሓበሩ 280 (67%) እዮም። እዚ ብማእኸላይ ብሕድሕድ እንስሳ 28 ምስላታት ማለት እዩ። እቶም እንስሳት፣ እቲ ልሳን ኣብ ዝዘረበሎም ስፍራታት ብዝበለፀ ዝርከቡ ምስ ምዃኖም ልዑል ዝውታረ መስተጋብር ከም ዝህልው ግሙት እዩ።

ብዘይካ እቶም ኣብቲ ሰደቓ ዝተሓበሩ፣ 23% ወይ ካብ ፲፩ ክሳብ ፵፰ ዝተሰርዑ (ኣንበሳ [19]፣ ጥየል [11]፣ በቕሊ [11]፣ ፈረስ [8]፣ ቡኻርያ [7]፣ ነብሪ [6]፣ ሃመማ [6]፣ ግመል [4]፣ በጊዕ [4]፣ ማንቲለ [4]፣ ፃፀ [4]፣ ዓሳ [4]፣ ቊንጪ [4] ኣባ ጐንባሕ [4]) እውን፣ እቲ ልሳን ኣብ ዝዝረበሉ ብስፍሓት ከም ዝርከቡን እቲ ዝምድና፣ ምፍልላጥ ወይ ብሓፈሻ መስተጋብር ምህላዉ ምግንዛብ ይከኣል። (ኣብ ሓፁር ዝተሓበሩ ኣሃዛት፣ ብስም እቶም እንስሳት ዝተረኸቡ በዝሒ ምስላታት እዮም)።

እንበኣር፣ ካብ እንስሳት ዘቤት “ኣድጊ” ካብ እንስሳት ዘገዳም ድማ “ዝብኢ” መዓልታዊ ርክብ ምህላዉ፣ ብምኽንያት ምፍላጥ ህይወትን ፀባያትን እቶም እንስሳት ብምዃኑ፣ ኣብ ምስላታት ምድግጋሞም ዘግርም ኣይኮነን። ሚሊሳ (2012)፣ እቲ ምብዛሕ ምስላታት፣ ሰብ ምስ ከባቢኡ ዘለዎ ርክብን ዕዮታቶን ከም ዝዛመድ ይሕብር እሞ፤ ዝያዳ ዝፍለጥ እንስሳ እንድሕር ኮይኑ፣ ብዙሕ ስነ ምስላዊ ተምስሌታት ኣብቲ ልሳን ከም ዝህልዉ ይምጉት። እቲ ካልእ ኣገዳሲ ምኽንያት ድማ፣ እቶም እንስሳት ምስ ዘለዎም ባህርታት ዝዛመዱ ዝውክሉዎም ኣምራት ወይ ሓሳባት ይመስል። ንኣብነት፣ እቲ ቀዳማይ ንሸኽሚ ወይ መጓዓዝያ ዘገልግል፣ ዘይደክም፣ ፀዋር፣ ካልእ ረብሓ ዘይብሉ (ስጋኡ ዘይብላዕ)፣ ዝረኸቦ ዝምገብ፣ ወዘተ. ይበሃል። እዚ ነገር፣ ናክሃቫሊ (2011)፣ “መብዛሕትኡ እዋን ተምሳሌታት እንስሳ፣ ዘዬድልዩ ቅሻረታት ሰብ ንምግላፅ የገልግሉ” ከም እትብሎ ምዃኑ እዩ።

እቶም ብዛዕባ እንስሳ ዝተበሃሉ፣ ኣድማሳዊ ይኹኑ ደኣ እንበር፣ ኣድጊ ብበዝሒ ከም ኣገዳሲ ጥሪት ኣብ ከባቢና ዝርከብ ብምዃኑ፣ ምስቶም መግለፅታት ዝዛመዱ ኣይታዊ ባህርታት ንምልዓል ወይ ንምግሳፅ ስም እቲ እንስሳ ይለዓል። ኣድጊ ኣብ ማእኸላይ ምብራቕ ኣብ ዝርከባ ሃገራት (ብፍላይ ዓረባዊ ሃገራት ወይ ልሳናት) ካብ ቀደም ጀሚሩ ዝነበረን ዝርከብን ብምዃኑ፣ እቶም ዝተጠቀሱ መግለፅታት ዘለዎም ብዙሓት ምስላታት ምህላዎም ይንገር። ንኣብነት፣ ብመሰረት ኢስታጂኔን ናክሃቫሊን (2011)፣ ካብ ምስላታት ፐርሽያ፣ እቶም ኣዝዮም ዝውቱራት ስም ኣድጊ ዘለዎም እንትኾኑ መብዛሕትኦም ድማ ዘናሽዉ ወይ ዘስተሃቅሩ እዮም።

ካብቶም ጠቕላላ እንስሳት፣ መብዛሕትኦም (38 ወይ ክልተ ኢድ) ሕድሕዶም እንተ በዘሐ ኣብ ሓሙሽተ ምስላታት ጥራይ ይርከቡ። ካብዚኦም፣ እቶም 17 ሕድሕዶም ኣብ ሓደ ጥራይ ይርከቡ (ንኣ.፦ ጢጦ፣ ቅንፈዝ፣ ኣሞራ፣ ቆቓሕ፣ ጉዳ፣ ጠበቕ፣ ሓርሽ፣ ጐባይ፣ ወዘተ.)። እንተ ኾነ ግን፣ እዚ ሓሳብ፣ ብጥንቃቐ ወይ ብመንፅር እቶም ፍልፍል መረዳእታ ክረአይን ክምዘንን ኣለዎ። በዝሒ ኣብ ምስላታት እቲ ልሳን ዝርከቡ እንስሳት ኮነ ዝውታረ ተጠቃስነት ሕድሕድ እንስሳ፣ ክዛይድ ከም ዝኽእል ግሙት እዩ። በቲ በለ በዚ፣ እዞም ኣብነታት፣ ብሓደ ወገን ትሑት መስተራኽብ ዝሕብሩ እንትኾኑ፣ እቶም ዳሕረዎት ክልተ ምስላታት ምህላዎም ድማ፣ እቶም እንስሳት እቲ ልሳን ብዕሊ ኣብ ዝዝረበሉ ምንባሮምን ነባርነትን ምስላታትን የመላኽት። እዚ እንከ፣ ምውርራስ ምህላዉን ኣንፈት ምልቃሕ ድማ ብቐሊሉ ዘዩፍለጥ ምዃኑን ብዘይ ምርሳዕ እዩ። ፅቡቕነቱ፣ ብኣስማት እዞም እንስሳታት ዝፍለጡ ዓድታትን (ንኣ፦ ዱር ወዲ ጐባይ፣ ጥቓ ዴጐ፤ ዓዲ ሓርሽ፣ ሰሜናዊ ምዕራብ) ምህላዎምን ከም ወርቂ፣ ስኒ ሓርማዝን ቀርኒ ሓርሽን ዝጥቀም ጥንታዊ ናትና መንግስቲ ምንባሩን፣ እማንነት እቲ ዝተኣንፈተ ሓሳብ የረጋግፅ።

2. ርባ ሰብን እንስሳን ኣብ ምስላ

ኣብቲ ክፋል ስነ ሜላ፣ ተምሳሌታዊ ምስላ ብሕቡእ ወይ ውሽጠ ድርርግ ካብ ሓደ ነገር ናብ ካልእ ምድምዳም ምዃኑን እቶም ተምሳሌታት ሓደ ነገር ብካልእ ንምርዳእ ከም ዝሕግዙን ተሓቢሩ። ካብቶም ዝተኣከቡ ምስላታት፣ ገሊኦም ሰብ ምስ እንስሳ ወይ ባህርይ እንስሳ (ይሕመቕ፣ ይፅብቕ) ምስ ባህርይ ሰብ ብምዝናቕ ወይ ብምርባብ ዝተመስረቱ ኣለዉ። ኣብዞም ዝስዕቡ ርባታት፣ ኣብ ሓዲኡ ክፋል፣ ቅቡል ወይ ልሙድ ባህርይ ወይ ቅሻረት እንስሳ ይርከብ፤ ኣብቲ ሓደ ድማ ምስኡ ብዝመሳሰል ስነ ልሳናዊ

ውይ መስተራኸብባዊ ኣቀራርባ (መዋቕር፣ ድምፀት)፣ ቅቡል ወይ ዝውቱር ሰባዊ ባህርይ ወይ ኣብ ደቂ ሰብ ዝረአይ ልማድ ወይ ተመኩሮ ህይወት ይርከብ። ነዚ እዩ እንበኣር፣ ኣደሞዎን ባሎጉንን (2014)፣ ምስላ፣ ስነ መጐታዊ ሓቂ እንተይ ኮነ፣ መሰረቱ ኣብ ተመኩሮ ህይወት ደቂ ሰብ ወይ ኣብ መስተጋብር ሰብን ተፈጥሮን ምዃኑ ዝምጕቱ። እቲ ኣብ እንስሳ ዝረአይ ባህርይ (ንኣ.፦ ኣድጊ ዘይሩ ዘይሩ ናብ ሓመዱ፣ ዝብኢ ናብ ገረቡ፣ ኣንበሳ ኣብ ዱሩ፣ ወዘተ.) ከም ቅቡልን መበገስን ብምግባር፣ እቲ ብዛዕባ ሰብ ዝንገር (ወይ ክኸውን ዝድለይ) ባህርይ ወይ ትዕዝብቲ (ንኣ.፦ ዘመድ ናብ ዘመዱ ወይ ሰብ ናብ ሰቡ ወይ ሰብ ኣብ ሃገሩ፣...) ዘዬተሓትት (ማዕረ ቅቡል) ምዃኑ ይሕብር። ብሓፂሩ፣ መብዛሕትኦም ብርዱእን ምጡንን ኣገባብ፣ “ድሕሪ ሀ፣ ሁ፤ ድሕሪ ለ፣ ሉ” ዝዓይነቱ ዘዬማትእ ድርርግ ዝተዋደዱ ምስላታት እዮም።

*ሰደቓ ፪. ርባ ሰብን እንስሳን*

| | |
|---|---|
| ዘመድ ናብ ዘሙዱ፣ ኣድጊ ናብ ሓመዱ። | ንብልሂ ኣዬነግሩ፤ (ነምበሳ) ንኣንበሳ ኣዬመትሩ። |
| ንሰብ ብዘመድ፣ ንኣድጊ ብገመድ። | ፈላሲ ኣብ ደብሩ፣ ኣንበሳ ኣብ ዱሩ። |
| ሰብ ናብ ሰቡ፣ ዝብኢ ናብ ገረቡ። | በዓለገ ብመልሓሱ፣ ከልቢ ብጭራኡ ይልለይ። |
| ሰብ ልማዱ፣ ኣንበሳ ጐማዱ ኣዬሰኣን። | ኣንበሳ ኣብ ዱሩ፣ ሰብ ኣብ ሃገሩ። |
| ንቈልዓን ኣይትሰሓቖሉ፤ ንከልቢ ኣይትጐየየሉ። | ኣድጊ ተሓፂቡ ናብ ሓመዱ፣ ዓሻ ተማዒዱ ናብ ልማዱ። |
| ንቈልዓ ስኒ፣ ንሃመማ ቍስሊ ኣይተርእይ። | ተመን፣ እግር የብሉ፤ ዓሻ፣ ልቢ የብሉ። |

ቅደም ሰዓብ ክፋላት ርባዊ ምስላታት ከከም ኩነታቱ (ባህታ ወይ ድልየት ተጠቀምቲ) ይቀያየር። መብዛሕትኡ እዋን እቲ ብዛዕባ ሰብ ዝገልፅ ክፋል (ንኣ.፦ ሰብ ናብ ሰቡ ወይ ዓሻ ልቢ የብሉ) ይቕድም። እዚ ነገር ስለ ዝደጋገምን እቲ ዳሕረዋይ ግሙት ስለ ዝኾውንን፣ እቲ ቀዳማይ ክፋል ጥራይ ዝበሃለሉ እዋን ኣሎ። ብኸምዚ ዝበለ ልማድ፣ እቲ ካልኣይ ክፋሎም ዝርስዑ ምስላታት ኣለዉ። እቲ ብዛዕባ እንስሳ ዝገልፅ ባእታ፣ ኣብ ቅድሚት ዝኾነሉ ኣጋጣሚ እውን ኣሎ (ንኣ.፦ ዝብኢ ናብ ገረቡ ወይ ተመን እግር የብሉ)። እቲ ንሰብ ዝገልፅ ክፋል፣ ሓውሲ ፀርፊ እንተ መሲሉ (ንኣ.፦ ዓሻ)፣ ነቲ ቃል ንዘይምባል እዚ ዳሕረዋይ መማረፂ ይዝውተር (ንኣ.፦ ኣድጊ ተሓፂቡ ናብ ሓመዱ...)።

ኣብ ሓደ ቋንቋ ወይ ባህሊ ዝርከቡ ምስላታት ብምፍታሽ፣ ኣብቲ ባህሊ ዘሎ ኣጠማምታ ስርዓተ ፆታ ምርዳእ ይከኣል (ራሱል፣ 2015, ገፅ 54)። ኣብዚ እውን፣ ብዛዕባ ኣንስትዮ ዝፀንሑ (ኣይታዊ) ኣረኣእያታት ዝሕብሩ፣ ከምቶም ኣብ ላዕላይ ዝተጠቐሱ ኣብነታት ኣለዉ። ኣስማት እንስሳት ኣብ ዝተጠቐሱሉ ምስላ፣ ኣንስትዮ እንድሕር ተረቢበን፣ ብዛዕባ መልእኽቱ ሕቶታት ምልዓል ይከኣል (ላውካንጋስ፣ 2019)። እንበኣር፣ ሓጎስ (2015) ኣንስትዮ ከም ክፉኣት፣ ቀናኣት፣ ፅጉዓትን ትሑታትን ዝገልፁ ምስላታትን ምስላዊ ኣበሃህላታትን ትግርኛ ምህላዎም ዝጠቅስን ተስፋጊዮርጊስ (2017) ድማ “...ክፋል ሕብረተ ሰብ ዝጐስዩን ዘነኣእሱን” ገለ ምስላታት ዝብልን ንከምዚኦም ዝበሉ እዩ።

1. ብዕራይ ኣብ መልሲ፣ ሰበይቲ ኣብ ሳልስቲ።
2. ለባም ሰበይትን ቀራን ኣድግን የልቦን።
3. ሰበይቲ ዝሃብካያ ትጥሕን፤ በቕሊ ዝሃብካያ ትቑሕም።
4. ሰበይትን ኣይሰብን፤ ኣድጊ ኣይገንዘብን።
5. በትሪስያ ንሰበይቲ የንቅሓ፤ ንኣድጊ የስብሓ።
6. ካብ ገፅ ኣንስቲ፣ ገፅ ኣናብስቲ።

3. መስተራኸብ ሰብ–እንስሳት

ኣብ ብዙሓት ዛንታታት እንስሳት (ዓይነት፣ ባህሊ ወይ ሃገር ብዘየግድስ)፣ እቶም ገፀ ባህርያት ነንባዕሎም ወይ ምስ ሰባት ይዘራረቡ ወይ ይመላለሱ፥ ብሓፂሩ፣ እቶም እንስሳት ሰባዊ ባህርይ ለቢሶም ወይ መሲሎም ወይ ምስ ባዕሎም ጥራይ እንተይ

ኮነ፣ ምስ ሰባት ወይ ንሰባት ይዛረቡ (ወይ ዝዛረቡ መሲሎም ይቐርቡ)። ብኣካል እንስሳት ይበሃሉ ደኣ እንበር፣ ዳርጋ ኲሉ ባህርያት ደቂ ሰብ ኣለዎም። እዚ ነገር እንከ፣ ኣብ ከም ጎቦታት፣ ሩባታት፣ ኣእማን፣ ረቂቕ ወይ ሓሳባዊ ኣምራት (ንኣ.፦ ፍቕሪ፣ ፅልኢ፣ ጕርሒ)፣ ወዘተ. ዝበሉ ነገራት ዘሎን ኣድላዪ ስልትን እዩ። ንእንስሳት ዘቤትን ዘገዳምን፣ ሰባዊ ባህርይ ምልባስ (ኣስተስብኦት)፣ ደቂ ሎሚ (ሰብ ሎም) እውን ዝጥቀሙሉ ምንይታዊ ስልቲ ኣተሓሳስባ እዩ (ላውካንጋስ፣ 2012)። ኣብቶም ምስላታት ትግራይ ወይ እቲ ዕላዊ ልሳን እውን (1) ሓፂር ርእይቶ ወይ ደምዳም ወይ በይነ ዘረባ፣ (2) ሕቶ፣ (3) መልሲ፣ ወይ (4) ምጡን ሕቶን መልስን ዝዓይነቱ መዋቅር ምልልሳት ወይ ዘረባታት ብእንስሳት (ብስመ እንስሳ) ዝበሃሉ ኣለዉ። እዚ ነገር ዝኾውን፣ ገሊኦም ምስላታት ካብቶም ዛንታታት እንስሳት ንደቂ ሰብ ዝጠቅም፣ ከም ምኽሪ፣ መልእኽቲ፣ ተግሳፅ፣ ቁያዕ፣ ወዘተ. ስለ ዝምዘዙ እዮም።

መብዛሕትኦም ኣብዚ ዝምድቡ ምልልሳት፣ ብሳልሳይ ኣካል ይግለፁ። ኣብዞም ኣብነታት፣ እቶም እንስሳት ዝበሉዎ ምኺኑ ንምሕባር (ወይ ንምምሳል)፣ ቃል ብቓል እቲ "ዝበሉዎ" ብምንፃር (ንኣ.፦ "ሰብ ርጉም፣ ሓፂር እዝኑ")፣ ኣብ መወዳእታ "በለት" ወይ "በለ" ይበሃል። እቲ ምስላ፣ ሐሓሊፉ ብስም እንስሳ ይጅምር (ንኣ፦ ዝብዕስያ…፣ ደርሆስያ…፣ ወዘተ…) ወይ መብዛሕትኡ ድማ ብስም ይኽንበት (ንኣ፦ …በለ ዝብኢ…፣ …በለት ደርሆ…፣ ወዘተ.)። እዚ ኣገባብ ፅዋ ወይ ምስላ፣ ኣካል እቲ "ብእንስሳ ኣቢልካ" ፍረ ነገር ምሕላፍ ኮይኑ፣ ሰሓብነትን ተኣማንነትን እውን ክህልው ይሕግዝ። ከምዚ ዝበለ ኣገላልፃ (ቀጥታዊ ዘረባ)፣ ኣብቶም ሴማዊ ልሳናት ትግራይ ኣዝዩ ልሙድ እዩ። እንበኣር፣ ግእዝ ኮነ ሐሓሊፉ ድማ ልሳን ኣምሓራ፣ ከም ዘለዎ ኣብ ትግራይ ዝሕወስ፣ መቐፀልታ እዚ ተርእዮ ይመስል። እዚ ተርእዮ እቲ ልሳን ብዘየግድስ፣ ኣብ ቃላዊ ቋንቋ ዝዝውተር እዩ።

ሰደቓ ፫. ኣስተሰብኦት

| | |
|---|---|
| "ሰብ ኣዒስማዕ!" በለ ዝብኢ ተዓንቂፉ።<br>"ኣነ እንተ ሞይተ፣ ደንዴር ኣይትብቈል!" በለት ኣድጊ።<br>""ንብላዕ" እንተ በልኩም፣ ንብላዕ፤ "ኣይንብላዕ" እንተ በልኩም፣ ንብላዕ!" በለ ዝብኢ።<br>"ልዓይ ለንጬዋስ፣ ላብ ለቼታ!" በለት ኣንጬዋ። | "ብኻራ የለን ፀዋታ" በለት ደርሆ።<br>"ገሲም ሕማቕ!" በለ ዝብኢ።<br>"ሁከት!"በለ መሬት ዝወገሖ ዝብኢ።<br>"ሁከት!"በለ ዝብላዕ ዝረኸበ ዝብኢ። |

ኣብቲ ሰደቓ ዘለዉ ኲሎም፣ ነንሕድሕዶም እንበለ እቲ ዝተበሃሉሉ ምሉእ ዛንታ ወይ ኲነት እንድሕር ተራእዮም፣ ኣብነታት ዓርሳዊ መስተራኽብ እዮም — እቲ ዝዛረብ ኣካል፣ ንባዕሉ ወይ ብውሽጡ ዝብሎ። ኣብ መወዳእታ ዛንታ ወይ ምልልስ እንድሕር ኮይኖም ግና ሰብ-ለኸ መስተራኽብ እዮም — እቲ ዝዛረብ ኣካል፣ ምስ ካልእ ዝገብሮ ምልልስ።

ኣብዞም ቀፂሎም ዝርከቡ ድማ፣ ሕድሕድ እንስሳ ምስ መሰሉ (ሃለዉ ኣይሃለዉ) "ንሕና" ብምባል ወይ ሓደ ዓይነት እንስሳት ብሓባር (ቀዳማይ መደብ) ዝበሉዎም እዮም። እቲ ዋና ነገር፣ በቶም ምልልሳት (ዘይቀጥታዊ ስልቲ) ንሰብ ዝጠቅም ፍረ ነገር ምምሕልላፍ ብምኺኑ ዓውዳዊ ረብሓኦም ይዓዝዝ።

1. "የለናላን ብካራ ፀዋታ፣ ኣደታትና ብኡ እየን ዝሞታ" በለት ደርሆ።
2. "እንተ ዘይበላዕና፣ ኣይፍሰስናን እንዶ!" በላ ደራሁ።
3. "እንኳንያ ሓሲና ነቢሕናስ፣ እንተይ ሓሰና 'ኳ ዕውራት ወሊድና!" በለት ከልቢ።
4. "ዘይጠረጥናሉ ዓቐብ የለን!" በለት ኣድጊ።
5. "ምፅዓን፣ ይፅኣኑና፤ ዱላ 'ኽ ናይ ምንታይና!" በለት ኣድጊ።

6. “መሬት እንተ ትግልበጥ ኲዕንቲ ምፀገብና” በለት ህበይ።

ገሊኦም ኣብነታት ድማ ሰብን እንስሳታትን ከም ዝመላለሱ ይሕብሩ። ንኣብነት፣ ኣብ ክንዲ “ምፅዓን፣ ይፅዓኑና…” ዝዓይነቱ መረረት፣““ምፅዓን፣ ፀዓነኒ፤ ስገም ግበረለይ” በለት ኣድጊ” ዝብል ምስላ፣ ምስ ፀዓኒኣ ዝተገበረ ቀጥታዊ መስተራኽብ ብምምሳል ዝቐርበ እዩ። ኣብዚ ክፋል ኮነ ኣብቶም ካልኦት ዝተጠቐሱ ኣብነታት፣ ከም ስነ ልሳናዊ ስልቲ ወግዒ ንምፅባቕን ኣብኣቶም ዘሎ ተርእዮ ወይ ቅሻረት ብምጥቃም፣ ዝተፈላለዩ ፍረ ነገራት ንምምሕልላፍ ይጠቕሙ።

4. ግብረ እንስሳት

ገሊኦም ምስላታት፣ ዝተፈላለዩ ተግባራት ወይ ፅዋታት እቶም እንስሳት ብምግላፅ፣ ነዚኦም (ብኣውራ ድማ ዝምሰለሎም ሰባት ወይ ኣካላት) ምስትህቃር፣ ምንእኣስ፣ ወይ ድማ ሓዱሽ ዝበሃል ነገር ዘይምፅኡ ምኺኖም ይሕብሩ። ከምዚ ዝበለ ኣረዳድኣ፣ ሰባት ወይ ዝኾኑ ኣካላት ኣብቶም እንስሳት (ብኣዛውሮ ድማ ኣብቶም ዝተወከሉ ሰባት ወይ ኣካላት) ዘለዎም ልዕልነት ወይ ምልኪ (ንሳቶም ሓያላት፣ ክኢላታት፣ ብፁኣት፣ ወዘተ.፣ እቶም ዘስተሃቁሩዎም ድማ ብዝተፈላለየ ዓቕሚ እንትረኣዩ ትሕቲ መነፃፀርቶም ምኺኖም ብግልፂ የረድኡ። ስለዚ፣ “ኲቱ እንተ ነፈረ፣…” ወይ “ደርሆ እንተ ሓለመት…”፣ ካብቲ ተፈጥሮኣዊ ባህርይኦም (“…ናብ ዝነበሮ” ወይ “…ጥረ ምረ”.) ወስ ኣዩብሉን ወይ ተኣምር ኣይገብሩን።

ከም ተምሳሌታት፣ እቶም ኣብነታት ዝውክሉዎ ሰብ፣ ጉጅለ ወይ ኣካል፣ ከምቶም ወኪላት ወይ ባህርያት፣ ካብቲ ልሙድ ነገር ወይ ጥረ ሓቂ ወፃእ ዘምፅኡዎ ከም ዘየለ ይሕብሩ። እቶም ነባር ኣይታዊ ዓይታዊ መግለፅታት፣ ዝሓሸ ዓቕሚ ብዘለዎ (ወይ ምስ ዘለዎ) ብምንፅፃር ስለ ዝበሃሉ፣ ኣብቲ ዒላማ ዝተገበረሉ ኣካል ኣይታዊ ፅልዋ ኣለዎም። ስለዚ፣ እቶም ምስላታት ነቲ ተጠማቲ ባህርይ፣ ንምንእኣስ፣ ምድሃል፣ ወይ ብሓፈሻ ንምስትሃቃር ብደይ መደይ ዝበሃሉ እዮም። ከምታ ቀዳመይቲ (ጥር ጥር ኣድጊ፣ መዝበል ፅዕነት) እንተ ኾይኑ እማ፣ ዝድለይ ኣይኮነን ወይ ዓርሰ ጉድኣት ዘስዕብ እዩ!

ሰደቓ ፬. ኣስትሃቅሮ

| | |
|---|---|
| ጥር ጥር ኣድጊ፣ መዝበሊ ፅዕነት። | ፅንፅያ እንትበዝሑ፣ መኸደን ላጋ ኣይከፍቱን። |
| ኣድጊ ሰበሐ፣ እንታይ ረበሐ? | በቕሊ ኣብ መንጎ ኣፍራስ እንተኾነት፣ ፈረስ ዝኾነት ይመስላ። |
| ከልቢ ንብሓቱ፣ ፍርሓቱ። | ደርሆ ሓንቲ ደርፋ፣ ንሳ እውን ቃቕ ቃቕ (ኣይጥዕምትን)። |
| ማንቲለስያ፣ ዘሊላ ዘሊላ ናብ መሬታ። | ጠበቕስያ፣ ፈላጥ ክመስል ርእሱ ይንቕንቕ። |
| ወላ ትንፈር እንበር፣ ጥየል እያ። | ቡኻርያ ፃድቕ ክትመስል፣ ዝዋውዕ ትኣስር። |
| ወዓግ ተታሒዛ ትስዕስዕ፤ ኣድጊ ተፃዒና ተኹምስዕ። | ህበይስያ፣ ዋኒኑ ህበይ። |

ኣብ ሰባት “በዝሒ”፣ “ርእሲ ምንቕናቕ”፣ “ምድራፍ”፣ ወዘተ. ምስ ዓቕሚ፣ ርድኢት፣ ክእለት፣ ወይ እወታዊ መግለፅታት ወይ ባህርታት ይዛመድ። ኣብ ካልኣይ ዓንዲ ሰደቓ ፬ ከም ዝረኣይ፣ ኣብ ዝተወሰኑ እንስሳት ወይ ድማ ኣብቶም በዞም ተምሳሌታት ዝግለፁ ሰባት ግን ትርጉም የብሎምን ወይ መስሓቕ እዮም። ሕቶፍ ሓሊፉ፣ “ኣድጊ እንተ ሰበሐ፣ ባርያ እንተ ቀዩሐ …” ዝዓይነቱ ምስላ እውን ስለ ዘሎ ኣብቶም እንስሳት ዝረአይ ኣስተሃቅሮ ኣዩገርምን። እዚ እውን እንተኾነ ብስም እንስሳ፣ ሰብ ዘቈናፅብን ከምቶም ላዕላይ ዝተጠቕሱ ኣብነታት፣ ኣንፃር ኣንስትዮ ዝበሃሉ ኣይታዊ ምስላታት እዩ።

ከም “ባርያ እንተ ቀዬሐ...”፣ ሰባት ብቐጥታ ዘስተሃቅሩ ምስላታት ብዘይካ “ዋይ ድሙ፣ ሰብ ርጉም ’ዩ እንዶ ኣይበልኩኻን ቀደሙ!” ወይ “ሰብ ርጉም፣ ሓፂር እዝኑ” በለት ብኧርያ፣ ካልኦት ዘለዉ ኣዒመስልን። እዚኦም እውን እንተ ኾኑ፣ ዓቕሚ ኣልቦነት ወይ ተሰዓራይት እንስሳት ይሕብሩ። ብካልእ መንፅር ድማ፣ ሰብ ኣብ ልዕሊ እንሳሳ ብዘውርዶ መዓት ጥራይ እንታይ ኮነ፣ ሰብ ኣብ ልዕሲ ሰብ ብዘርእዮ መሰሪ ባህርይ፣ ዝብሎ ወይ ዝፍፅሞ ጨፍ ሕስድና፣ ተንኰልን ክፍኣትን ዝሕብሩ እዮም።

5. ምኺንን ምምሳልን

ኣብ ክፋል 2.4፣ ተፈጥሮኣዊ ምንቅስቓስት ወይ ባህርያት እንስሳት ንመስሓቕን ንምስትህቃርን ዝተቓለዐ ምኺኑ ተሓቢሩ። እዚ ካብ ኮነ፣ ከም ካልእ ንምኺን ምፍታንን (ንኣ.፦ ጭንቁራዕስያ ክንዲ ብዕራይ ክትከዉን ተኒፊሓ ሞተት) ምሒር ድፍረትን ወይ ጠፋሕፋሕ (ንኣ.፣ ዕድሜኣ ዝሓፀረ (ሞታ ዝበፀሐ) ኣንጭዋስያ፣ ኣፍንጫ ድሙ ትልሕስ ወይ ተጫኑ ወይ ትስዕም) ናብ ዝገደደ ጥፍኣት ከም ዘምርሑን ዘይድልዩን ምኺኖም ዝሕብሩ ዝተፈላለዩ ምስላታት ኣለዉ። በቶም እንስሳት ኣቢሉ ዝሓልፍ መልእኽቲ እውን፣ ካብቲ “ልሙድ” ዝበሃል፣ ውፅእ ዝበለ ስሑት ባህርይ ወይ ተግባር፣ ናብ ሓደጋ ዘቃልዕን ዘየድልን ምኺኑ እዩ። ቅድም ከም ዝተጠቐሰ፣ ምስላታት ከም ሓቅታት ህይወት ዝውሰዱ፣ እቶም ልማዳት ኮኑ ሳዕቤናት፣ ሰባት ኣብ ከባቢኦም ብዘለዎም ተመኩሮ ወይ መስተጋብር ስለ ዝፍፀሙ እዮም።

ሰደቓ ፩. ስሑት ልማዳት

| | |
|---|---|
| ተኾላ ከም ኣንበሳ ክትንቀይ፣ ተሰንጢቓ ሞተት። | ዕሉል ወጠጦ፤ እንዳ ነብሪ ከይዱ ይቐፅይ። |
| ደርሆ ክበሃል ሰሚዓ፣ ሞተት ይብሉ ጡሽ ቢኣ (በዊኣ)። | ዕምሩ ዝበፅሐ ማሕስእ፣ እንዳ ቡኻርያ ይስዕስዕ። |
| ሃሊሉ ንዝመፀካ ኣድጊ፣ ኣኽቢድካ (ኣጥቢቕኻ) ፀዓኖ። | ዝደቀሰ ኣንበሳ ኣተንሰኣቶ ላም ልሒሳ ልሒሳ። |
| ኣድጊስያ ተማህሊሉ፣ በላዒው (ዝብኢ) ኣውረደ። | ኣንጭዋ ብድሙ እንተ ስሒቓ፣ ጉድ ፍሒቓ። |
| ይደንቕ፤ ይገርም፤ ኣድጊ ዶ ምስ ዝብኢ ይኸርም!? | ህጡር ኣንጭዋ፣ ኣፍንጫ ድሙ ይልሕስ። |
| ደርሆ ፃሕቲራ፣ መሕረዲኣ ተውፅእ ካራ። | ደፋርያ ኣንጭዋስ ኣብ ክሳድ ድሙ ትሰራሰር። |
| ዝፀገበት ጥየል፣ ሕኹሮ ሕኹሮ ትኸይድ። | ዕምሩ ዝሓፀረ በጊዕ፣ እንዳ ተኾላ የውግዕ። |

6. ግእዝን ትግርኛን

ተጠቀምቲ እቲ ዕላዊ ልሳን፣ እቶም ክልተ ልሳናት ትግራይ ብዘለዎም ሓደነትን ተፈላጥነትን ምስላታት ግእዝ ጥራይ እንተይ ኮነ፣ ኣብ መንጎ እንካ ሃባዊ ወይ መዓልታዊ ምልልስ፣ ግእዝ ከም ዝሓውሱ ወይ ከም ዘዘውትሩ ይፍለጥ (ኣባተ፣ 2021)። እዚ ሓፈሻዊ ተርእዮ፣ ኣብ ምጥቃም ምስላታት ብበዝሒ፣ ኣብ ምስላታት እንስሳ ድማ ኣብ ዝተወሰኑ ኣብነታት ይረአይ። ብኻልእ ኣገላልፃ፣ ካብ ግእዝ ናብቲ ዕላዊ ልሳን ብምምላስ (ንኣ.፦ “ነብረ ዶ ዕሮሮባዩ ይልወጥ እዩ?” ወይ ከም ዘለዉዎ ዝበሃሉ ዝተወሰኑ ምስላታት እንስሳት ኣለዉ። ከምቲ ምስ ምጥቃም ቀጥታዊ ዘረባ ዝተጠቐሰ፣ ምስላ ግእዝ ምሕዋስ ወይ እውን ካብቲ ልሳን ዝተመለሰ ምጥቃም፣ ዝበለፀ ተቐባልነት ከም ዘለዎ ይግመት።

ሰደቓ ፪. ግእዝን ትግርኛን

| | |
|---|---|
| ኢይጥዕማ መዓር ለኣድግ፤ ዘእንበለ እጒስታር። | ኣድጊ፣ መዓር ኣዪጥዕማን። |
| ድሙ፣ ኢይገድፍ ግብረ እሙ። | ወዲ ድሙ፣ ኣዪገድፍ (ነይገድፍ ወይ ኣይሓድግ) ግብረ (ስራሕ) እሙ። |
| ኣንፅዋ ለህልፈታ ኣንፈ ሄሲመት ታፄኑ። | ዕድሜኣ ዝሓፀረ ኣንጭዋስያ፣ ኣፍንጫ ድሙ ተጨኑ። |

7. ስነ ልሳናዊ ኣፈላላይ

ከምቲ ኣብ ዝተፈላለዩ ባእታታትን ዓውድታትን ኣጠቓቕማ እቲ ልሳን ዝረአይ፣ ኣብ ዝተወሰኑ ምስላታት እውን ሐሓሊፎም መጠናዊ ኣፈላላያት ኣለዉ። እቲ ሓደ፣ ኣብ ቅደም ሰዓብ ክፋላት ዝተወሰኑ ምስላታት ዝዝውተር እንትኾውን፣ ኣብ ከም “ንቜልዓን ኣይትሳሓቐሉ፤ ንከልቢ ኣይትጐየየሉ” ዝበሉ ርባዊ ምስላታትን ይርከቡ። እቲ ቀዳማይ፣ ኣብቲ ልሳን ቅቡል ዝኾነ ተርእዮ ብምህላዉን ስነ ባህለታዊ ኣፈላላይ ስለ ዘዬስዕብን ዝተለመደ እዩ። እቲ ካልኣይ ድማ፣ ኣብ ከም “ፅንፅያ እንትበዝሑ፣ መኽደን ላጋ ነይኸፍቱ” ኣብ መረፃ ቃላት (ንኣ.፦ ፅንፅያ፣ ሃመማ ወይ ሃንቀላ) ከምኡ እውን ብምኽንያት ውልቃዊ ወይ ከባበያዊ ላዛ ዝኽሰት ኣፋላላይ ንበት ቃላት (ንኣ.፦ ኣይከፍቱን፣ ኣይፍኸቱን ወይ ነዪኸፍቱ) ወይ ብሓፈሻ ምስላታት እዩ። እቲ ዓይነታዊ ኣፈላላይ ከም ዘሎ ኲይኑ፣ እቲ ልሳን ኣብ ዝዝረበሉም ስፍራታት ወይ ማሕበረ ሰባት፣ ሓደ ዓይነት እንስሳት ኣብ ሓደ ዓይነት ምስላታት ምሃላዎም፣ ማሕበረ ባህላዊ ሓድነት እቶም ተጠቐምቲ ይሕብሩ።

ሰደቓ ፯

| | |
|---|---|
| “ኣነ እንተ ሞይተ፣ ደንዴር ኣይትብቈል!” በለት ኣድጊ። | “ብድሕረይ፣ ሳዕሪ ኣይትብቈል!” በለት ኣድጊ። |
| ፅንብላሊዕ መቐመጨኣ ዘይከደነትስ፣ ምድሪ ከደነት። | ፅንብላሊዕ ዝባና ዘይከደነት፣ መሬት ከደነት። |
| መፆኛያ (ደረቐኛ) ፃፀስ፣ ጎንደር ከይዱ ይላፀ። | ደፋርያ ፃፀ፣ ጎንደር ከይዱ ይላፀ። |
| “ገሲም ሕማቕ!” በለ ዝብኢ። | “ዝብኢ ‘ታይ ክፉእ” ~“ግስም።” |

እቶም ቃላዊ ወይ ላዛዊ ኣፈላላይ ዘለዎም ምስላታት፣ ኣበይን ኣብ ክንደይ ላህጃታትን (ወይ ከባብታትን) ከም ዝዝውተሩን፣ መጠን ወይ ዓይነት እቲ ኣፈላላይ የመላኽቱ። ብተወሳኺ፣ እቶም ኣብነታት ኣካል ቃላዊ ቋንቋ ምዃኖምን፣ እንኳንያ ኣብ ዝተፈላለዩ ከባብታት ኣብ ሓደ ከባቢ (ሓደ ሓደ እዋን ድማ ኣብ ውልቀ ሰብ) እውን ኣፈላላይ ምህላዉ ከም መርኣያ ምውሳድ ይከኣል። ብኣንፃሩ፣ ከምቲ ምስላታት ካብ ሓደ ልሳን ንላዕሊ ይርከቡ ዝበሃል (ንኣ.፦ ላንድማንን ጋንዝን፣ 2023፣ ገፅ 231)፣ ካብ ሓደ ላዛ ወይ ዓይነት ልሳን ከም ዝርከቡ እዞም ኣብነታት ይምስክሩ።

8. ቦታ ዝሕብሩ ምስላታት

ባህርያት ወይ እውን ፍፃመታት ዝገልፁ፣ ኣምራት ቦታ ዘለዎም ተምሳሌታት እንስሳት ኣለዉ። ፍሉጣት ኣስማት ቦታታት ምህላዎም(ንኣ.፦ ዓድዋ፣ መቐለ፣ ወዘተ.)፣ እቶም ምስላታት ናይቲ ህዝቢ ምዃኖም ወይ ተጠቀምቲ ትግርኛ ምስቶም እንስሳት ዘለዎም መስተጋብር ኣብ ፍሉጣት ቦታታትን እዋናትን ዝተፈፀሙ ክስተታት ከም ዝኾኑ ከም መረዳእታ ምጥቃስ ይከኣል። ንኣብነት፣ “”ፃፀ, ናበይ ኢልካ? ~ ንመተማ። ትበፅሕ ዶ? ~ ልቢ ‘ማ!።” ብተወሳኺ፣ እቲ ዝግለፅ ውክልና ወይ ተምሳሌታዊ ድርርግ ርዱእን ግልፅን ይኸውን።

ሰደቓ ፰

| | |
|---|---|
| እንዳ ድሙ ዶ ትኣትው ኣንጭዋ (እንዳ ኣንበሳ ዶ ይኣትው፣ ጣዕዋ)፧<br>ፃፀ ናበይ ኢልካ? ~ ንመተማ። ትበፅሕ ዶ፧ ~ ልቢ'ማ!<br>ሃፀፅካ ፍልሖ፣ እንዳ ማርያም መዓዝ ትበፅሖ፧ | ዝብኢ መቐለይ፣ ጠበንጃ ሒዙይ።<br>ደፋርያ ፃፀ፣ ጎንደር ከይዱ ይላፀ።<br>ዝተናዕቀት ዓዲ፣ ትውረር ብኣድጊ። |

9. ግዜ ዝሕብሩ ምስላታት

ኣብቶም ምስላታት ዝርከብ ካልእ ኣገዳሲ ባእታ ግዜ እዩ። ኣምራት ግዜ ብምጥቃም፣ ሓደ ግብሪ ምስ ካልእ ዝስዕብ ወይ ዝቕድም ፍፃመ፣ ዘለዎ ርክብ ኣብ ግምት ብምእታው መልእኽቲ ይመሓላለፍ። ንኣብነት፣ ""ብድሕረይ፣ ሳዕሪ ኣይትብቈል!" በለት ኣድጊ" ወይ ""ኣነ እንተ ሞይተ፣ ሳዕሪ ኣይትብቈል!" በለት ኣድጊ" ኣብ እትብል ምስላ "ድሕረይ" ወይ "ኣነ እንተ ሞይተ" ብዝብል ኣገዳስነት ዝጥቀስ ግዜ ይሕብሩ። ብተመሳሳሊ፣ ኣብዞም ዝስዕቡ ድማ "ዘመን"፣ "ክሳብ ዝምለስ"፣ "ካብ ሎሚ ዝነቀወ"፣ "ክሳብ ዝነክስ"፣ ወዘተ. ብዝተፈላለየ ኣገባብ ግዜ ይሕብሩ።

ሰደቓ ፱.

| | |
|---|---|
| ዘመን ፀበቕ፣ ንኣድጊ ከፈኦ፤ ዘመን ሓመቕ፣ ንኣድጊ ከፈኦ | ዝብኢ ክሳብ ዝነክስ፣ ይሕንክስ። |
| ካብ ሃገሩ ዝወፀ፣ ክሳብ ዝምለስ 'ንተ ፀዓኑዎ ኣድጊ፣ 'ንተ ለጐሙዎ ፈረስ። | ዕሉል ውሽማ፣ ደርሆ ነቆ ይፋፂ |
| "ካብ ሎሚ ዝነቀወ (ዝገርገረ) ዝብእስ፣ ኣዪሕድረናን" | ካብ ንዓመታ ደርሆ፣ ንሎሚ እንቋቑሖ። |
| ሰኦይ ክፅመድ ዘይደልየ ብዕራይ፣ ሰንበት ምሸት ሓሰር ይሕሰም። | ደርሆስያ ዓዲ ውዒላ፣ ዝናብ (ማይ) ትውቃዕ። |
| መዓልትን ከልብን እንተይ ፀዋዕኻዮም ይመፅኡ። | ህፁፅያ ዝብእስ፣ ኣፍንጫ ኣድጊ ይነክስ። |

## ዝተያ

ኣብ ክፋል ውፅኢታትን ትንተናን ከም ዝተሓበረ፣ ኣብ ትግርኛ ወይ ብተጠቀምቲ እቲ ልሳን ዝበሃሉ 418 ምስላታት እንስሳት ከም ዘለዉን እቶም ዝተጠቕሱ እንስሳት ብፍላይ እቲ ልሳን ኣብ ዝዝረበሎም ስፍራታት ምስ ዘለዉ ማሕበረ ሳባት ልዑል መስተጋብር ዘለዎምን እዮም። እዚ ዝኾነሉ ምኽንያት፣ ላንድማንን ጋንዝን (2024) ከም ዝብሉዎ፣ ብልዑል ዝውታረ ኣብ ስነ ልሳናዊ መረዳእታ ዝርከቡ እንስሳት፣ እቶም ምስላታት ኣብ ዘተፈጠሩሉ ማሕበረ ሰብ ዝረከቡ ብምዃኖም እዩ።

ቅዱም መፅናዕትታት ስነ ምስላ ከም ዝሕብሩዎ (ንኣ:- ሚሊሳ፣ 2012) ኣብ ምስላታት እስቶንያ፣ እቶም ኣስማቶም ኣብ ብዙሓት ምስላታት ዝርከቡ እንስሳት፣ ፩. ከልቢ፣ ፪. ፈረስ፣ ፫. ብዕራይ ወይ ላሕሚ፣ ፬. ደርሆ ወይ ኮኩናይ ፭. ተኹላ እዮም። ካብቶም ቀንዲ ምኽንያታት ከምዚ ዝበለ ቅደም ሰዓብ፣ እቲ ሓደ እቶም ዝተጠቕሱ እንስሳት እቶም ንፈለማ እዋን ዝለመዱ (እንስሳ ዘቤት ዝኾኑ) ምዃኖም ይጥቀስ። ብካልእ ኣዘራርባ፣ እቶም ብል ዑል ዝውታረ እኣብ ምስላታት ዝርከቡ እንስሳት፣ እቶም ምስ ሰብ፣ ቅርበት ወይ መስተጋብር ዝነበሮም እዮም። ውፅኢት መፅናዕቲ ካምፖስን ባሬላን (1993) ድማ  እቶም ዝውቱራት ፩. ኣድጊ (በቕሊ)፣ ፪. ከልቢ፣ ፫. ላሕሚ (ብዕራይ)፣ ፬. ደርሆ፣ ፭. ድሙ ምዃኖም ይሕብር። እንበኣር፣ ተምሳሌታዊ ምስላ እንስሳት እቶም ኣዝዮም ዝውቱራት እዮም (ሚሊሳ፣ 2012)።

ከምዚ ዝበለ ቅደም ሰዓብ ካብ ቦታ ናብ ቦታ ከም ዝፈላለይን፣ እዚ ድማ ብምህላውን ዘይምህላውን እቶም እንስሳት ብዝፍጠር ባህላዊ ኣፉላላይ ምዃኑ ኣብዚ መፅናዕቲ እውን ዝተረኣየ ነገር እዩ። ኣብዚ እውን (ብመሰረት ውፅኢት እዚ መፅናዕቲ) ብዘይካ ዝብኢ፣ እቶም ላዕለዎት ኣርባዕተ እንስሳት ዘቤት እዮም (፩. ኣድጊ፣ ፪. ዝብኢ፣ ፫. ደርሆ ፬. ብዕራይ፣ ፭. ከልቢ)። እቶም ሰለስተ እንስሳት ኣብ ክልቲኦም ቅድመ ሰዓባት (ቅድም ምስ ዝተሓበሩ) ዝርከቡ ምዃኖም፣ መጠናዊ ምምስሳል ከም ዘሎ የመላኽት። በተወሳኺ፣ ብዙሓት ምስላታት ኣድጊ፣ ኣብ ሃገራት ዓረብ ምስ ዘሎ ልሙድ ተርእዮ ወይ ዝርገሐ ይመስል።

መብዛሕትኦም ምስላታት እንስሳት፣ ብልሓት ኣተሓሳስባን ባህላዊ ባህርታትን ሕድሕድ ማሕበረ ሰብ (ሕብረተ ሰብ) ስለ ዝገልፁ፣ ካብ ሓደ ልሳን ናብ ካልእ ምምላስ (ምትርጓም) ዝተፈላለዩ ባህላዊ ወይ መስተራኽባዊ ዘይምርድዳእ የስዕቡ። ብልኻእ ኣገላልፃ፣ እቶም ምስላታት፣ ማሕበረ ስነ ልሳናዊ ረበሓታት ንምምላእ የገልግሉ (ናክሃቫሊ፣ 2011)። እንተ ኾነ ግን፣ ማሕበረ ባህላዊ

መስተጋብር ኣብ ዘለዎ፣ ምስላታት ካብ ሓደ ባህሊ፣ ልሳን፣... ናብ ካልእ ብምምላስ ወይ ሐሓሊፉ ከም ዘልዎ ምጥቃም ልሙድ እዩ። እዚ ዝኸውን፣ ብፍላይ ኣብቶም ልሳናት ልዑል ምምሳሰል እንትህልው ወይ ክልቲኦም ልሳናት ዝዝውተሩ እንተ ኮይኖም (ንኣ.፦ ትግርኛን ግእዝን) እዩ።

ሰኣን ማሕበራዊ ንያት ዘኳንፉ ፀገማት ብምህላዎም፣ እዚ መፅናዕቲ ኣገዳሲ ምኳኑ ኣብ መእተዊ ተሓቢሩ። ብምቕፃል፣ ምስላታት ብሓፈሻ ምስላታት እንስሳት ድማ ብፍላይ፣ ብምጡንን ውቁብን ኣገባብ ነባራትን ዓመቑትን ተመኩሮታትን ሓቅታትን ህይወት ዝገልፁ ምኺኖም ተተንቲኑ። ዝበለፀ ምርምርን ስነዳን ከምኡ እውን ኣብቶም ማሕበራዊ ክብርታት ኣብ ምጭባጥ ልዑል ግደ ዘለዎ ምስላታት ጠመተ ዝገበረ ምስትምሃርን ምጥቃምን፣ ህዝቢ ማእኸል ዝገበረ ዕብየት ኣብ ምምፃእ ልዑል ግደ ኣለዎም (ኣደሞዎን ባሎጉንን፣ 2014፣ ገፅ 159)።

## መደምደምታ

ኣብቶም ቅድሚ እዚ ዘለዉ ክልተ ክፋላት፣ ኣብ ቋንቋ ትግርኛ 54 ኣስማት እንስሳት ዘለዎም 418 ዝተፈላለዩ ምስላታት ምህላዎምን ብሕድሕድ እንስሳ ድማ ካብ 1-56 ምስላታት ከም ዝረከቡ፣ ኣሃዛውን ዓይነታውን መግለፅታት ብምስፋጥ ብስፋሓት ተተንቲኑን ተዘትዩን። ብድሕሪኡ፣ ኣብ ትሕቲ ዝተፈላለዩ ዛዕባታት ብምጉጃል፣ ዘለዎም ወይ ዘሕልፉዎም ስነ ብህለታትን ተዘመድቲ ስነ ልሳናውን መሰተራኽባውን ስልትታት ብዕምቈት ተገሊፆም።

እቶም ምስላታት እንስሳት ብሓፈሻ፣ እቲ ልሳን ኣብ ዝዝረበሉ ቦታ ዝተፈላለየ ማሕበረ ሰብን ዝርከቡ ማሕበራዊ፣ ባህላውን ርእየታዊ ክብርታት ይገልፁ፤ ኣገዳስነት እዞም ሕሳበታት ድማ ካብ ባህሊ ናብ ባህሊ ብዝተፈላለየ መጠን ኣፈላላይ ኣለዎም። ተጠቀምቲ እቲ ዕላዊ ልሳን ትግራይ፣ ብዛዕባ ዝተፈላለዩ እንስሳት ብዘለዎም ቅርበት፣ ፍልጠትን መስተጋብርን እቶም ዝተጠቐሱ ምስላታት ይጥቀሙ። ብስፋሓት ከም ዝተገለፀ፣ ከም ኣስማት ኣድጊ፣ ዝብኢ፣ ደርሆ፣ ብዕራይን ከልብን ዘለዎም ብዙሓት ምስላታት ብዝተፈላለየ ኣገባብ ኣለዉ። እቶም ምስላታት፣ ኣብ እንስሳታት ዝረኣዩ ባህርያት ወይ ሓቅታት ብዝተፈላለዩ ስልትታት ብኣይታን እወታን ብምግላፅ፣ ባህርያትን ተግባራታን ደቂ ሰብ የስተሃቅሩ፣ ይግስፁ፣ ይምዕዱ ወይ ይገንሑ።

ብምሰረት ኣብ ምጅማር እቲ ትንተና ዝተነፀረ ቅደም ሰዓብ፣ እቶም ምስላታት ምስቶም ዝተጠቐሱ እንስሳታት ዝውቱር መስተጋብር ምህላዉን ኣውራ ድማ እምነት፣ ኣተሓሳስባን ፍልስፍና ሓፈሻዊ ህይወትን ሕብረተ ሰብ ተጠቀምቲ እቲ ልሳንን ይሕብሩ። እቶም ተጠቀምቲ፣ ብእንስሳ "ኣምሲሎም"፣ ኣብ ወግዕን ቁውም ነገርን ብስውያን (ንኣ፦ ተምሳሌት፣ ኣስተሰብኦት፣ ወዘተ.) ካልኦት ስልትታትን ዝወራዘዩሎም፣ ዓሚቕን ነባርን ባህላዊ ፍልጠትን ተመኩሮን ዘስርፁሎምን ፀጋታት ካብ ወለዶ ናብ ወለዶ ዘሰጋግሩሎምን ኣገደስቲ ባእታታት ሓድጊ ሕብረተ እዮም።

## ለበዋታት

እዞም ብስም "ባእታ ቋንቋ" ዝተገለፁ ምስላታት፣ ብዙሓትን ዝተፈላለየ ኵርናዓትን ገፃትን ህይወት ዝትንክፉን ንዘመናት ዝነበሩን ብምኺኖም፣ ብዝተፈላለዩ መዳያትን ርእየታትን ክስነዱን ክፅንዑን ይግባእ። ከምቲ ኣብ መእተዊ "...በመፅሓፍ ዘሃሎ ይወሰእ" ዝተበሃለ፣ እቲ ንዘመናት ብቓል ዝፍለጥ ሓድጊ ቀዳሞት፣ ክፀሓፍ፣ ክፍለጥን ኣውራ ድማ ኣብ ግልጋሎት ክውዕልን፣ ሰብ ሙያ በብዝኸእሎዎ ኣብቲ ዘፈር ስነ ምስላ ፀዓርዓር ክብሉ ይግባእ።

ኣብዚ መፃናዕቲ፣ 418 ኣስማት እንስሳት (ብነፍሲ ወከፍ እንስሳ፣ ካብ 7-8) ዘለዎም ምስላታት ዝተረኸቡ ይኹኑ ደኣ እንበር፣ ብዝበለፀ ስፍሓትን ካልኦት ፍልፍላት ብምውሳኽን እንተ ዝእለሹ፣ ካብዚ ከም ዝዘይዱ ርዱእ እዩ። ምስ ምእካብ ምስላን

መስተጋብርን ሰብን እንስሳትን፣ ኣብ ምዕቃብ፣ ምግላፅን ምምሕልላፍን ሃገር በቈል ባህሊ፣ ፍልጠት፣ ኣረዳድኣታት ፍልስፍናን ተዛረብቲ እቲ ልሳን ብዝተፈላለዩ ኣጠማምታታትን ስልትታትን፣ ምርምራት ምክያድ፣ ኣብ መዓልታዊ መናባብሮ (ብፍላይ፣ ካብ ስርዓተ ትምህርቲ ቀዳማይ ብርኪ ኣትሒዙ) ከከም ኣድላይነቶም ምትእትታውን ብዝበለፀ ምጥቃምን የድልይ። ብኸምዚ፣ ሰኣን ምጥቃም እቶም ምስላታት ዝፍጠሩ ፀገማት ንምንካይን እውንታዊ ኣስተዋፅኦ ክህልዎምን ምግባር ይከኣል።

## ETHICAL STATEMENT

Ethical approval is not applicable to this manuscript.

### Data availability statement

The data that support the findings of this study are available on request from the author.

### Declaration of the use of AI

The author declares that no AI-assisted technologies were used during any stage in the preparation of this article.


### Funding statement

There was no funding.


### Declaration of conflict of interest

The author declares that there is no conflict of interest.

## ውኩሳት ስራሕቲ


ኣለማየሁ ሃፍተ ተ.። (2011)። ፎክለር፡- መፅናዕቲ ህዝብታትን ባህሎምን። መቐለ፡- ቤት ሕትመት ደስታ ጨርቆስ።

ገብረኪዳን ደስታ (መም.)። (2006)። መቐረት ምስላታት ትግርኛ፣ 2ይ ሕታም። መቐለ፡- ሜጋ ሕተመት።

ወይን [ጋዜጣ]። (2018)። ሰባዊ ምስላታት። ካብ https://woyengazeta.org/author/woyenreporter/ 2.6.2012።

ካሳ ገብረህይወት፣ ኢማኑኤል ጋንኪን (2000 ዓ.ም.) መዝገበ-ቃላት ትግርኛ። ኤማይ ፕሪንተርስ።

ሞገስ ዑቁበጊዮርጊስ (ሊቀ መዘ.)። ፲፱፻፶፰። ናይ ኢትዮያጵውያን ጥንታዊ ምሳሌ (ብትግርኛ)። ኣስመራ፡- ቤት ማ. ኮከብ ፅባሕ።

ናይ ኢትዮጵያ ቋንቋታት ኣካዳሚ። (1989)። መዝገበ ቃላት ትግርኛ ብትግርኛ። ኣዲስ ኣበባ፡- ንግድ ማ. ቤት።

ጽጌ ገብረ-ኪዳን ጎሹ (ሓለቓ)። (፲፱፻፹፯)። ዕዳጋ። ኣዲስ ኣበባ፡- በሌ ማ. ቤት።

ሰመረ ገብረ ትንሳኤ። (2014)። ምቁር ትግርኛ ሰውያን ምስላታት። ማንሃይም፣ ጀርመን።

ተስፋጊዮርጊስ ሃብተ (2017) ። ምስላታትና። ምንጪ ዓሞቑቲ ሓሳባትን መስትያት ኣመለኻኽታናን @ https://www.zaratbebat.com ምስላታት

Abate Kassahun. (2021). Metaproverbs in three Tigraian languages. Ityopis: Northeast African Journal of Social Sciences & Humanities [INEAJHS]. 3 (1), 1-17.

Ademowo, A.J. (2014). Proverbs, values and the development question in contemporary Africa: a case study of Yoruba proverbs. In Antropologija, 14(2),149-161.

Ashipu, K.B.C. (2013). Proverbs as circumstantial speech acts. In Research on Humanities & Social Sciences. Available @ www.iiste.org ISSN 2222-1719. 3 (7), 10-16.

Busau, F. (2019). A comparative review of some Tigrinya and Somali proverbs. Bildhaan: An International Journal of Somali Studies: 19 (8), 70-82.

Costanduis, E. (2007). An exploration of the use of African proverbs and metaphors in a visual communication Design. MEd Research Paper, University of Western Cape, South Africa.

Ehondor, B. (2017). The concept of proverbs as a theoretical category in communication in Africa. Available @ https://www.researchgate.net/publication/321698840.

Estaji, A., & Nakhavaly, F. (2011). Semantic derogation in Persian animal proverbs. Theory & Practice in Language Studies, 1(9), 1213-1217.

Hagos, SB (2015). The portrayal of women in Tigrigna proverbs and proverbial expressions: the stereotypical beliefs and behavioral tendencies. Inter. J. Eng. Lit. Cult. 3(6): 183-189.

Landmann J, & Ganz, Y. (2024). Animal proverbs. English Today 40, 231–236. Available @ https://doi.org/10.1017/S0266078423000226.

Lauhakangas, Outi, 2012. Personifications in proverbs. In Soares, Rui & Lauhakangas, Outi (eds) 5th Interdisciplinary Colloquium on Proverbs, ACTAS ICP11 Proceedings. Tavira: AIP-IAP, 466-480.

Lauhakangas, O. (2019). The functions of animal metaphors in proverbs. In: 12th Interdisciplinary Colloquium on Proverbs, ACT AS ICP18 Proceedings. Rui Soares & Outi Lauhakangas (eds). T avira: AIP-IAP 582-594.

Milică, I. (2012) Animal metaphors in proverbs. Alexandru Ioan Cuza University, Iasi, Romania Research Project: POSDRU/89/1.5/S/49944, Academia.edu.

Nakhavali, F. (2018). A semantic and cultural study of Animal Expressions in English and Persian. American Society for Engineering Education. At: https://www.researchgate.net/publication/289951310.

Oluyemisi, A.O. (2017). Philosophical Issues in Yoruba Proverbs. International Journal of African Society, Cultures & Traditions, 5 (2), 21-30.

Rasul, S. (2015). Gender and power relationships in the language of proverbs: Image of a Woman. FWU Journal of Social Sciences, 9 (2), 53-62.